# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 23 ዓመት ቁ.79 | 18 ሕዳር 2013 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

2013 ሰኑይ



ገጽ 2
ጥፍሒ ንባደይ



ገጽ 3
ኤልያስ - እቲ ውጹእ መዓት

ገጽ 5
ብዙሕ ነገርዩ ዝጸበኻና ዘሎ



ገጽ 7
ሰወኣትና- ዝኸሪ ወለዶምን ደቒናኦምን

ገጽ 11
ግጥም ፕለይ ኦፍ . . .




## ዞባ ማእከል፡ ንውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝግምግም ኣኼባ ተቓኒዑ





ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝምዝገብ ዘሎ ወጽኢት ክብ ንኽብል፡ ኣብ መባእታ ደረጃ ንተመሃሮ መሰረት ዘትሕዝ ጻዕሪ ክግበር ከምዝግባእ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ወጽኢት 8ይ ክፍሊ ንምግምጋም ብ16 ሕዳር ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ገሊጹ።

ኣቡቲ ጨንፈር ሓላፊ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣቶ መስፍን ወልደስላሰ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ወጽኢት ተመሃሮ በብዓመቱ ክብን ለጠቕን ከምዝብል ብምጥቃስ፡ ዓሚ 80.1 ሚእታዊት ዝበረ መጠን ዝሓለፉ ተመሃሮ ለሚ ዓመት ናብ 74.8 ሚእታዊት ለጠቕ ምባሉ፡ ሓያል ጻዕሪ ምግባር ከምዝድሊ ዘጉምት ምኽንያት ኣብሪሁ።

ኣስዒቡ ኣቶ መስፍን፡ ካብ ዝሓለፉ 50.6 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ምኻነን ንተወዳዳርነተንን ጸብለልታአንን ዘጉልሕ ከምዝዘኻኽር ጠቒሱ። ብፍላይ ኣብ ቁጽርን እንግሊዝን ዘሎ ድኻም ንኽውገድ፡ ተመሃሮ፡ ወለዲ፡ መምህራንን ኮሚተ ወለድን ተራኦም ክዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ክፍለ መኮንን ብወገኑ፡ ዝተረኽበ ወጽኢት መርመራ 8ይ ክፍሊ በብዞባኡ ብመንጽር ቀደማኡ ዝበረ ዓመት ብዝርዝር ድሕሪ ምቕራቡ፡ ኩለን ዞባታት ኣብ ተመሃሮአን ዘሎ ድኽመት ኣለልየን ዝጸብብጥ ለውጢ ንኸምጽኣ፡ ብፍላይ መምህራን ወሳኒ ተራ ክጻወቱ ተላቢዩ።

እቲ ኣኼባ ኪኖ ገምጋም ንመጻኢ ንዝግበር መሰረታዊ ለውጢ መንገዲ ዘትሕዝ ክሽውን ከምዝዘዮኡ ዝሓበረት ሓላፊት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ወይዘሮ ሓሊማ መሓመድ፡ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ድኽመታተን ኣለልየን ብዘለወን ጸጋታት ንዝበለጸ ወጽኢት ኣብርቲዐን ክሰርሓ፡ እቲ ዝተኻየደ ገምጋም ድማ ናብ ኣብያተ-ትምህርቲ ወሪዱ ብደቂቕ ክዛዘየሉ ኣተሓሳሰቡ።

ኣብ መዛዘሚ'ቲ ኣኼቡ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣቶ መሳ ሕሴን ናይብ ኣብ ዘሰመዮ ቃል፡ ዞባ ማእከል ብመንጽር ዘለዎ ብልጫታት ኣብ ወጽኢት 8ይ ክፍሊ ዘመዝግቦ ዘሎ ወጽኢት ዘዕግብ ስለዘይኮነ፡ ዝመሓየሸሉ ኩነታት ንኽፍጠር ግብራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ከምዝድሊ ኣስሚሩሉ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ዝቐረበ ገምጋም ክትዕ ድሕሪ ምክያድ፡ ኣብ ቁጽርን እንግሊዝን ዝርአ ድኻም ብልክዕ ንምልላይ መጽናዕቲ ክግበር፡ መምህራን ተገዳስነቶም ዝያዳ ክዕበዩ፡ ንብሉጻት ተመሃሮ ምትብባዕ ክግበር ከምኡ'ውን ንተመሃሮ 8ይ ክፍሊ ቅድም-ቕዳም ዝወሃብ ትምህርቲ ክሕየል ዝበሉን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

## ነበርቲ ጊንዳዕ ንዓወት መደባት ሃገራዊ መኸተን ልምዓትን ድልውነቶም ኣረጋጊጾም

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ምስ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ኣብ ዘዘበርዎ ርክብ፡ ሃገራዊ መደባት መኸተን ልምዓትን ንምዕዋት ካብኣቶም ዝሕተት ከማልኡ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ኣብቲ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ዝተሳተፍዎ ኣኼቡ ኣቶ ዑመር፡ ምርግጋጽ ምዕሩይ ዝርግሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ካብ ቀንዲ ዕላማታት መንግስቲ ኤርትራ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ሃገር ዝትግበር ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ከኣ ንምርግጋጽ ከምዝዘኻ ብምሕባር፡ ንምዕዋቱ - ተራን ኣበርክቶን ህዝብን ኣመሓደርቲ ከባብን ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ሜጀር ኣሮን ተወልደ ብግደኦም፡ መራሕቲ ሃይማኖን ዓበይቲ ዓድን ኣብ ምኽሳኳስ ሓደሽ ወለዶ ዘለዎም ተራ ልዑል ብምዃኑ፡ ብስነ-ምግባር ዝተሃንጸ መንእሰያት ንምፍራይ ኣበርክቶኦም ክዕዝዙ ኣተሓሳሰቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ከበኣም ንምልማዕን ኣብ ኩሉ ሃገር እትጠልቦ ንጥፈታት ንምስታፍን ቅሩባት ምዃኖም ገሊጾም።

## መንደፈራ፡ ጨ/ሚ/ሕርሻ ገምጋም ስርሑ ኣካዩዱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ኣብ ዓመት 2013 ጽላት ሕርሻ ንምድንፋዕ ብመንግስቲ፡ ህዝብን ውልቀ-ሓረስቶትን ዝተፈላለየ ዓቕሚ ዘለወን 6 ራህያታት ከምእተሃንጻ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ክኢላ ልምዓት መስኖ ኢንጅነር ፋሰል ክፍላይ ሓቢሩ።

እቲ ጨንፈር ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ስራሕ፡ ኢንጅነር ፋሰል፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ልምዓት ጀራዲን ጸቡቕ ጎስጋስ ንዝርአዩ 29 ኣብከታውያን ሓረስቶት ንንጥፈታቶም ዘደንፍዕ ነጻግዚ ማይ ከምዝዓደለን ድሮ እቶም ሓረስቶት ጸቡቕ ምህርቲ ይረኽቡ ከምዘለው ኣብሪሁ።

ክኢላ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣቶ መኮንን ፍስሃየ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ድማ፡ ህዝብን ተማሃሮን ምስ ኣባላት ህዝባዊ ሰራዊት ብምውህሃድ ኣድማዒ ሕርሻዊ ንጥፈታት ማእቶት ከምዝተኻየዱ፡ ከም ውጽኢቱ ሓያሎ ከትርታትን ዛላታትን ብእምኒን ሓመድን ከምዝሰርሑን ራህያታት ከምዝተሃንጹን ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ኢያሱ ኣሰፋው ብወገኑ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ዝስራሓሉ ዘሎ መደባት ልምዓት ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ ዕማም ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ውሕስነት ኣእካል፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ'ውን ንጥፈታት ምግራብ ንምዕባይን ሃብቲ እንስሳ ንምስሳንን ሓያል ስራሕ ከምእተሰላሰለ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ገምጋም ንዝበረ ድኻማትን ብልጫታትን ብምልላይ ንቐጻሊ ኣበርቲዖም ንኽሰርሑ ዝሕግዝ ምንባሩ ጠቒሱ፡ ንመጻኢ ክትግበሩ ዝወጠኑ መደባት ንምዕዋት ወሁድ ስራሕ ክካየድ ምዃኑ ኣብሪሁ።

# ሽግያኽ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

ዕፉን ገጽ ሂቡ ምድሪ ክጽሕ ምስ ጀመረየን ንበርኻ ገጽን ዘወር ምባል ግዳ ንሰን ብቐልጽ ስራሐንየን ንበርኸ ዝኸዳ፡ ናብ ዝረኸባኦ በርኻ ኣይከዳ።



ዙበዙሉ፡፡ እቲ ከም ብርሃፍ ተዓኪመን ዝውዕላ ዝመስሎ ሰብ ዚ ምስ ኣንበበ ብፎኖር የድልዮ ይኸውን፡፡ ኣካ ኣሰላፍቲን ዳኒጋኻን መጭ ኣብሉ ክሳብ ዕውልታ ዘብጽሕ ሰላ ኣብዩ ይርከብ፡፡ ዘረቡን ምባሊዩ ክሳብ ዘይተረፈ ብፎኖር ንዙዙብል ሓሳብ ጉንጽ ኣብለዩ ክሓልፍ፡፡ ካብ ወርሒ ኑሓሰ ንደሓር ዝፅምብዕ ጓሶት ንሓድሕዶም ዝመሻለቖሉ ተኸሲ በርኻ'ዩ፡፡ ኣየ'ባ እቲ መጽመጹ፣ ምስ ሰብኣየ ካብ እትፈላለ ሳልሰቲ ዝበረት ሽይናትልካ'ኳ ኣይገድፍ፡፡ ቁንቁኛኡ ደኣ ኣይፈለጥክምን'ምበር ሽንቲ ናይ ከምዚኣን ኣንስቲ ፈውሲ ሰላ ምዃኑ ብምስላ ይሰዝ'ዩ፡፡ 'ሰበይቲ ሰብኣይ እንተሸኒትልካስ ሰሓኻ ይሃድም፡፡'

ንስድራኣን ጭራሮ ዕንጸይቲ ሓቝፍና ክንመጽእ ኢለን'የን ዘመኸንያ፡፡ ዘኦምን ምኽኒት ምሳኣን ካብ ምኻድ ኣየዕርፍን፡፡

ንእደኒ ዝኸውን ሳዕሪ ኣብዩ ይርከብ ሰለዝፈልጣ ዕንጉግ ኢለን ናብኡ ይኸዳ፡፡ ከምኡ ኢለን ክኸዳ ዝረኣየ ሰብ ኣውላድ ኣብ ተዛ ምህላወን ክርዳእ ይኽእል፡፡ ካብ ጸሀያይ ኣዕሪፈን ዓጺደን ጉንኣን ዘይጀመራሉ ግዜ ብምዃኑ ኣብ ዓላ'የን ዝቐንያ፡፡ ገለኣን ቁጦናት ዝተረፉ ፍቱሓት፣ ገለኣን ምስ ቅናተን ዝተረፉ ብዘለውለወን(ብዘይ ቅናት) ኩርምቲ ሓየለን ክሳብ ዝረኣ እናሰሓቓ ብምእካል ዓዲ ሰንጢቐን ይኸዳ፡፡ ከም ሹብዳዕዳዕ ዝቖጽረለን ሰብ ኣይርከብን፡፡ ኣካ ዝሕገብ ይበዝሕ፡፡ ብሕጹን መርዓን ቅድሚ ምፍልላየን ከምዚ ኢለን ወጻዕ ክበላ ዝረኣየ እምበረመጠን ይደሰት፡፡ ንኣተን'ውን ብደርባ(ኮባ ኢለን'የን) ከምኡ ዝነበራ፡፡ ከመዩ ነገር ሕጻ እንተተሳዕለ ኣዋልድ ይፍተላ ዝተባህለ፣ ከም

# ጥፍሒ ንሳነደይ

በረንዳ(ወጨጭትን ዘይፈላለያን ኣዕዋፍ) እንተወፈራ ግርማ ቅንያት'የን ዝኸዳ፡፡ ኣብ ዝረኸብኦ ትኽሎ እምኒ ይጉዝጎዛ፣ ኣብ ዝጠዓመን መዝቡብ የጽልላ፣ ኣብ ዝረኸብኦ ጽላል ደው ዩብዙላ፡፡ ከም ደለየ ኣሳፈሐን እንተተረፈን ኣዘጠጠን ከፍ ይብላ፡፡ ኣካ ንዓኣን ዝለበ ናጽነት መን ይረኽብ፡፡ እዚ ኩሉ ናብዩ ንምኻድዶ በልኩም?

እደኒ ከምጽኣ'የን ንበርኻ ዝኸዳ፡፡ እደኒ ሰፈ ንምስራሕ ዝኸውን ሳዕሪ'ዩ፡፡ ከም ኣርገዘ፣ ሳዕሪ ኣዋልደ፣ ጋጻይ፣ መለቓ፣ ጸሂቶት፣ ሳዕሪ ብዕራይ፣ ጣፎ፣ ደረት..... ዝኣመሰሉ ሰዕሪ ንእደኒ ዝዘውተሩ'ዮም፡፡ ዝኦምን ካልኦትን ከምጽኣ ደማ'የን ንበርኻ ዘቐንያ፡፡ ግዳ ዝረጋ ከምዚ ከማይ ምሳኣን ከይከይድ

ስለ ዝርዳእ ይፈቕደለን፡፡ ክሳብ ጠምየን ንዓዲ ዝምለሳ ደማ ኣብኡ ይውዕላ፡፡ ኣብ ግዛ ዝጸነሐ ሰብ እንተተዛረብን ኣብ እደኒ ከምዝወዓላ ይፍገረ፡፡ ንሳንዳይ ኣከሊት ዝኸውን እደኒ ወፊርና ወዓልና ደማ ይውሰኽ፡፡ ዚ ወቕቲ ንሳንዳኣን ክሕግዛ ኢለን'የን ዝኑበራ፡፡ ጽውጽዋይ ደኣ ከይመስል'ምበር ናብ ሳንዳኣን እትምርዓወሉ ዓዲ ገጽን ይወፍራ ምንባረን'ውን ይዕለል'ዩ፡፡ ንምንታይ ከኣ በልኩም፡፡ መሸም መርዓ ብኹልንትናኻ ተዓሊኻ እትኣትዎ ነገር ክሻብ ዝኾነ ሕማቕ ኣሎ ጸቡቕ መርዓት መንገዲ እንዳሐማእ ክትፈልጥ ጸቡቕ'ዩ፡፡ መርዓዊ እንተዓሸዩ ወይ ንመርዓዊ ዘይንገር ምኽንያት እንተጋጠመ መርዓት ንዓዳ ክትመለቕ ትኽእል'ያ፡፡ ኣቤት እዚ

ኣለው፡፡ መርዓያም ከይትንዕቆም ምእንቲ ብኢዶም ዝሰዛሉ(ንሽኻትክም'ኳ ዓያሹ ትብልዎም ትኸውኑ) ወሰ ዘይቅደሙ ኣውዳት፡፡ ጠብዩ ከምዚኦም ምጽዋር ዝሰኣና መርዑ ሃጽ ኢለን ዓደን ክምለሳ እንተደለየ'ውን መንገዲ ምጽናዕ የድልየን፡፡ እዚ ኩሉ ክጉብራ ካብ መዓንጣኣን ይኸውን ኢደን ዘይፈልያኦ ሓደ ተኸሊ ኣሎ፡፡ ወላ'ኳ ዝተፈላለየ ኣስማት እንተሃለዎ ኣብ ብዙሕ ከባቢ ግና ኣቡኾ ብዝዙብል ስሙ'ዩ ዝፍለጥ፡፡ ካብ ዝጠዓሞ ጓኦ እናበለ ዝሰብር ዓዊል ብርኪ ፈልዩ ጆብዕ እናተበሃሃልካ ክትዋቐዓሉ ጥዑም ነገር'ዩ፡፡ ምናልባት ድሕሪ መርዓ ወሰታ መርዓዊ ስለዘይተርፍ ንዓኡ'ውን ምልምማድ ይጉብራለ፡፡ ኣካ በዓል ዋዘዝ(ጸቡቓት ንምባል'የ ዝኸውን) እንታይ ዘይላመዳ፡፡ ፈኩሰ እንተዘዙባሂለ 'ኣጸምድ' ዝብሉኣ ጸወታ 'ውን ኣለወን፡፡



ይጥንቀቓ፡፡ ከምኡ ከይከውን ብምሰጋእ ደማ'የን ኣርፈደን ዝወፍራ፡፡ ኣብ በርኻ እንተረኸብወን'ውን ኣማዕዲኻ ዕላልን ጸርፍን ኣይተርፍን፡፡ ዓዲ ከምዝይምለሳ ኣራጠጠን ምሳኣም ከዕልላ ይኽእላ፡፡ ኣብ ከምዚ እዋን'የም እምበኣር 'ሳዕሪ ናይ ሮማዱ፣ ኣዋልድዶ ሰኢንካ ሓያማት ተናዲ' ኢሎም ዝደረፉ፡፡

በረኻ ምስ በጽሓ ዝኣኸለን እደኒ ዓጺደን ከም ብሓደሸ ኮፍ ኢለን የዕልላ፡፡ ኣብዚ ዕላል ዝኸውን ወዲተባዕታይ ክሰምዕን ኣብ ጥቓኣን ክህሉ ኣይደልያን፡፡ ንሽኻኸ ከመይ ኣብልካ ረኺቡዮዶ በልኩም፡፡ ንሱ ይጽንሓልና'ሞ ዝረኸብክዎ ምስጢር ይኣኽለኩም፡፡ ኣብዚ ዕላል ወዲተባዕታይ እንታይ ከም ዝመስል ብሰፊሕ የዕልላ፣ እቲ ክማኸሩሉ ዘለወን እዋን እዚ ብምዃኑ፡፡ ዕስክትን ልቦናን፣ መንፍዓትን ሕመቓን፣ ህርፋንን ድሌትን፣ ስረን ጥብቆን፣ ማእሰን ንእድን፣ ማዕጾን መሸጎርን፣ በትርን ሻሞጥን፣ ጸባን ልገዐን፣ ፈርዕን ኮግሕን፣ ኮደብደብን ጃህራን፣ ስዖማን ጉሰማን፣ ሓይልን ድልዳለን ወዲተባዕታይ ብሰፊሕ የዕልላለ፡፡ እቲ ኣብ ካልእ መዓልቲ ምስጢር ዝኸውን ነገር ተባዕታይ ኣፈን መሊኣን የዕልላለ፡፡ እዚ ግዜ ደማ ከም ቅንያት ሓብሬታ ይጥቀማለ፡፡ እቲ ሕቡረተሰብ'ውን ዚ ኣጸቢቑ ሰለዝፈልጦ ዝኣክል ግዜ ይህበን፡፡ ንሓድሕደን ክሳብ ዝኸውን ብኻልእ ነገር ኣይሰከፍን፡፡ ከምቲ ባዕሉ ዝምዕደን ንሓድሕደን ግዜ ከምዝድልየን

ደፍራተይ......!

ኣጸቢቓ ዘይትፈልጦ መንገዲ እንተኸይዱ ኣዩ ንኸዕልላ ኮፍ ዝቦሉ ቦታ እኩብ እምኒ ሰለዝገድፉ ንዓኡ ንሓብሬታ እናተጠቐመት ንዓዲ ክትምለስ ከም እትኽእል'የን እኖሓጎታት ዝዕልላ፡፡ 'ኣይቀዱ' ዝበሃሉ መርዓውቲ'ውን ኣጸምድ እታ መርዓት እትኸውን ብታሕቲ ትጽቀጥ'ሞ ሓንቲ ርዕዘው ዝበለ ኑበሲ ዘለዋ ደማ ብኣዕሊ ትኸውን፡፡ ከም መርዓዊን መርዓትን ደማ ይዋሰኣ፡፡ ኣካ ኣነ ዘይዛረቦን ጤል ዘይትጠጥሞን የልቦን፡፡

# ተወሰር ሽያኽ

ሞት'ኳ ክውሕዶ
መሪራትኒ ሂወት ክጥለም ብኣመንተይ
ዓለም ክትጸንሓኒ ኣንጻር ትጽቢታተይ
ግዜኣ ዝሃባ ሓምሓም ንእምኒ ክትሰብር
ብዓይነይ ርእየዮ ምርኣይ'ዩ ምስክር፡፡
ገንዘብ ቋንቋ ኮይኑ ሚዛንካ ዘጉድል
ዓቕን ስጉምታትካ ለኪዑ ዝፈትል
ንመን'የ ክኣምን ንነብሰይ ጠርጢረ
ጠስሚ እናበልክዎ ካብ ዝጸንሕ ዕረ
ወዲ ሰብ እዚ ሰብ ሕማቕ እናፈተለ
ዓለም ዘይናቱ ብሞት እንክፍለ፡፡
ንምንታይ ዘይጥምት ቁሊሕ ኢሉ ጕኑ
ጁባ ሰብ ከቋምት ሂወት ፈታቲኑ
ኣየ ሰብ.....!
ወዲሰብ እዚ ሰብ ሞቱ ካብ ዘርስዕ
ቅንዕና ውሒጡ ጥልመት ካብ ዝጉስዕ
ዕምሩ'ኳ ዘይፈልጥ እንታይ ከም ዘወስዶ
ኣየ ሰብ ርጉም ሞት'ኳ ክውሕዶ፡፡

ፍስሃ ገብረሂወት(ፈሽ)


## መዓልታዊት ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247
hadas@zena.gov.er

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 125394-08204224

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ነብያት ጸጋይ
ኤደን ዘርኢጋብር

# ወይ ሕብ ደቀይ !

ገብሩ ክብርኣብ

# ኤልያስ - እቲ ውጻእ መዓት

## ጉዕዞ ንሲናይ

ሻሙናይ ክፋል

ኤልያስን ዳኒኤልን (እቲ ካልኣዩ ኤርትራዊ)ን ብብመንገዶም ብጨወይቲ ተኸቲሮም፡ ኣብ ሓደ ክፍሊ ተሓይሮም ንመዓልታት መከራኦም ምስ ጸገቡ፡ እቲ ጣህር ዝተባህለ ዋርድያ ብዘፈጸሞ ሽለልትታት ካብቲ ክፍሊ ብምውጻእ ከምልጡ ሃቀኑ፡፡

ኤልያስ ንዳንኤል ንኽዕሎ ምስ ሓብሮ፡ ናብ ኣፍደገ ብምቕራብ ነቲ ማዕጾ ተናኸፎ፡፡ ብደገ ብሓጺር ሓጺን ተሸጊጡ ምንባሩ'ኳ እንተፈለጡ፡ ብውሽጢ ነቲ ኣብ ላዕሊን ኣብ ታሕቲን ተሰኺዑ ዝነበረ ሺጋጥ ብምስሓብ ክኸፈት ከምዝኽእል ገምገሙ፡፡ የማናይ ኢዱ ብምስዳድ ድማ ብቐሰታ ሰሓቦ፡፡ እቲ ማዕጾ ክኽፈት ግዜ ኣይወሰደን፡፡ ኣብ ኣእምሮ'ቶም ክልተ መንእሰያት ወጺእኻ ምምላጥ ዝብል ሓሳብ ጥራይ ነበረ፡፡ በየን!? ናበይ!? ንዝብሉ ሕቶታት ክምልሱ ግና ዝኽእሉ ኣይነበሩን፡፡

እቲ ዝተኸፍተ ማዕጾ ብረዝንቲ ሓጻውን ዝተሰርሐ ብምንባሩ ደሃይ ገበረ፡፡ ምስ ደሃይ ናይቲ ማዕጾ ብቕልጡፍ ናይ ዝርግሕ ሳንደል ደሃይ'ውን ተሰምዐ፡፡ ናይ'ቲ ከልልዮም ዝጀመሩ ዋርድያኦም - ጣህር ምኻኑ'ውን ገመቱ፡፡ ኤልያስ ከመቐጸቢት ነታ ማዕጾ ረገጦ፡፡ ነተን ዝኸፈተን ሺጋጥ'ውን ኣኣብ ቦታአን መለሰን፡፡ ጣህር ነቲ ማዕጾ ፈጊ ኣቢሉ ብምኽፋት ንውሽጢ ኣተወ፡፡ ንኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ኣጸቢቑ ብምምቋሕ ድማ ብዙሕ ኣፈራሪሕዎም፡፡

በቲ ዝፈሸለ ፈተነ ምምላጥ ተሰናበዱ፡፡ ብዮዙብሮም ብዙሕ ኪጋፍዑ ተጸበዩ'ምበዩም፡፡ ጣህር ግን ካብ ምጉብዕባዕ ኣይሓለፈን፡፡ ኣብ ሰብኡቶም ገለ ጉድኣት ከየውረደ ካብቲ ክፍሊ ወጺኡ ክኸይድ እንከሎ ኣይኣመኑን፡፡ ድሕሪኡ'ውን እንተኾነ ዝምለሶም ጥራይ መሲሉ ተሰምዖም፡፡ ምስ ሽቐልቀሎም ድማ ፍርቂ መዓልቲ ኣኸለ፡፡ ካብ ዘኽሪ ኤልያስ፡

"ሕጂ ... ፈቲንና ምኳን ምስ ኣበየና በስ ክሳብ ፋዳስ ሰቕ ኢልና ተሻቒልና፡፡ ዎ ፋዳስ ምስ ኮነ መን ይመጽእ - ሓደ ካብና ዝንእስ ካልእ ኤርትራዊ...!"

ኣብታ ዕለት ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኮነ እኒ ኤልያስ ተሓይሮምላ ዝነበሩ ክፍሊ ሳልሳይ ግዳይ ኣእተውት፡፡ እቲ ዝተጸንበሮም ኮተቴ ብህሮሩማ ጸሓይ ዝተሰበለበን ሓደኝኦት ናይቲ ዝገጠሞ ሓደጋ ዘይተሰወጦን ነበረ፡፡

"በየን በየን'ዩም ኣምጺኦምኻ?" ሓተቶ ኤልያስ፡ ነቲ ምሕር ከምዝበሃል ዝገበርም ኮተቴ፡፡ ንሱ ብኹነታት ናይታ ዝተሓየረላ ክፍሊ ተሰናበዱ ቀባሕባሕ ይብል ነበረ፡፡

"ኣብ ከሰላ እቕመጥ ነይረ፡፡ ግን ንእስራኤል ክኸይድ እደሊ ስለዘለኹ ንዝፈልጦም ሓቲተዮም፡፡ እሶም ከኣ ምስዞም ናብዚ ዘምጽኡኒ ኣራኺቦምኒ፡፡" ኤልያስ ሕቶ ኣይቀጸለን፡፡ ኣሰር ዕምጒኦም ብምስዓብ ጥራይ ንምሕር ደንገጸሉ፡፡ ዳንኤል'ውን "ቅርሱስ'ዩ




ዕድልካ" ክብል ኣድመጸ ነቲ ዝደኸ ገጹ ከየቕነዐ፡፡

"ኑበሲ ከምኡ ኣይትበል፡፡ ኣሞይ ኣብ ስዑዲ ኣሎትኒ ንሳ ሰለስተ ሽሕ ዶላር ምስ ከፈለትለይ ንእስራኤል ክእትወኒ እንድዮም" ኣዘራርባኡን ሓሳቡን ቁልዓዊ ነበረ፡፡ ዝምልሰሉ ኣይረኸበን፡፡

"ኢሂ ኑበሲ... ምሳይ ከምኡ'ዮም ተሰማሚዖም፡ ንሽኹም ከመይ ደዩ ሰምምዕኩም?" ብዘዕባ ሰኣል ሲናይ ዝኾነ ኣፍልጦ ስለዘይነበሮ ተገምጢሉ ሓተተ፡፡

"ይግበረልካ ወደይ!" መለሰሉ ኤልያስ ብዮገርሁናኡ እናደንገጹ፡፡ ድሕሪ'ዚ ንተሰፋኡ ዘራጉድ ቃል ዝሰኣነ ምሕር ብሓደ ጸግዒ ተላሒጉ ተኾርመየ፡፡ ኤልያስን ዳንኤልን ከምቲ ዘዘውትሩዎ ንዕድላቶም ዝምልከት ዕላላት እናፈጠሩ ነታ ዕለት ወዓልዋ፡፡ ክንድኡ ዝኣክል ከልበትብትን መከራን ኣብ ምእንቲ ምንታይ ደረኽቡዎ ምንባሮም ተዛሪቦም መልሲ ሰኣኑሉ፤ ተባላዒ ጨፈራታት ክትልእኽ ዝወዓለት ጸሓይ ምስ ሰተኸት መርሃዊ ዝተባህለ ካልእ ኤርትራዊ ኣብ ኢድ'ቶም ሰብ ዝሸቕጡ ሰባት ኣተወ፡፡ መምስ ዝመጸት ሰዓትን ዕለትን ብዙሓት መንእሰያት ግዳይ ኮኑ፤ እታ ክፍሊ ድማ ክሳብ ተዕለቕልቕ ኮነት፡፡

ኤልያስ ነዚ ብምዝካር "ድሕሪ'ቲ ወላሓንቲ ዘይፈልጥ ምሕር፡ መርሃዊ ተሓወሰና፡፡ ደሓር ኣርባዕተ ብሓንሳብ መጺኦምና፤ ዓምር፡ ማሕሙድ፡ ሳልማንን ፍትሓዊን ስሞም፡፡ ካብኦም ተሰፉን ክብረትን ይሕወሱ፤ ድሕሪኦም ብድሌቶም ዝመጹ ዓይነቶም፡፡ ሓምድ ዝተባህለ ከኣ ዕድልና ይብጽሖ፡፡ ዎ ክንደይ ኩንና - ዓሰርተ ክልተ..."

ኤልያስ ነዚ እናዘንተወ ስም ኑበሲ-ወከፎም እንክረቁሕ ሓንሳብ የሰካሕክሕ ሓንሳብ ይደናገጽ ነበረ፡፡ እታ ክፍሊ ንዓሰርተ ክልተኦም ጸይራ ሓደ ለይቲ ምስ ሓለፈ፡ እዋን መዓልቲ ሙቐት ምኽኣል ሰኣንዎ፡፡ ዝለበሱዎ ኣጭርቕቲ ብረሃጽ ተሓጽቡ፤ ኮፍ ዝበልዎ ባይታ ካብ ረሃጾም ጠሊ ሓዘ፡፡ እቲ ረመጽ ንዝበሮም ጸቕጥን ብስጭትን ኣግደደ፡፡

ማዕጾ ናይታ ክፍሊ ፈጊ ኢሉ ምስ ተኸፍተ መን ከፊቶ ዝበለ ኣይነበሮምን፡፡ መተንፈሲ ኣየር ምርካቦም ጥራይ ከም ዓቢ ዕድል ቆጸርዎ፡፡

"ያላ ሓደ ብሓደ ወጺእኹም ክትምርመሩ ኢኹም?" ጨደረ'ቲ ነቲ ማዕጾ ዝኸፈተ ሱዳናዊ ራሻይዳ፡፡ ፈለማ እቲ ካብ መዓስከር ሸገራብ ዝተጨወየ መርሃዊ ተወሰደ፡፡ እቲ መርመራ ኣብ ካልእ ክፍሊ'ዩ ዝካየድ፡፡ መርሃዊ ኣብታ ናይ መርመራ ክፍሊ ድሕሪ ምእታዉ፡ እኒ ኤልያስ ዝሰምዑዎ ካብ ብርቱዕ ቃንዛ ዝወጸ ብኽያትን ወጭጫጨን ነበረ፡፡ እቲ ሱዳናዊ ራሻይዳ ዳግማይ ናብታ ክፍሊ መጺ - ተረኛ ተሳቓዩ ክወስድ፡፡ ዳንኤል ንስቓይ ሰዓበ፡ እቶም ካልኦት ተሸቑረሩ፡፡ ነታ ዘይትተርፎም ሽበራን ስቓይን ከድሓርሕሩላ ፈተኑ፤ ሓደ ብሓደ ግን ንኹሎም ኣርከበቶም፡፡

ኤልያስ ነዚ ብምዝካር "ሕጂ.. በብሓደ ወሲዶም ከሳቕዩና ምስ ጀመሩ በስ እንታይ ከም እንምልስ ጠፊኡና፡፡ ብብናትና እንታይ እንተኢልና ኢና ካብቲ ስቓይ ንናገፍ ኢልና ንሓስብ..."

እቶም ንመርመራ ዘይቀረቡ ኣብታ ዝተሓየሩላ ኩይናም ዘዘሞስሎም ተዛረቡ፡፡ ገለኦም ንእስራኤል ክኸይድ'የ እንተበልካ'ዩ ዝድሓን በሉ፤ ገለኦም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዘመድ ወይ ፈታዊ ኣሎኒ ምባል ከምዝድሕን ተዛረቡ፡፡ ገለ ኸኣ ቤተሰብ ስለዘይብለይ ንእስራኤል ዘኸይድ ዓቕሚ ገንዘብ ክረክብ ኣይክእለንን'ዩ፡ ምባል'ያ ተዋጽኦ ክብሉ ኣድሃዩ፡፡ ናብታ ናይ መርመራ ክፍሊ ዝኣተወ ዘይምለስ ብምንባሩ ንሻቕሎቶም ጥርዚ ሰቕሎ፡፡ ኤልያስ ነቲ ከዘንቱ ከሎ ኣብ ልበወለድ መጽሓፍ ወይ ፊልም ብዝተባህሉ ተገብረ ዝሰምዖ ወይ ዝርእዮ ዝነበረ ግብሪ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ክርእዮን ብኣእዛኑ ክሰምዖን ምኽኣሉ ይምስክር፡፡ እቲ ውጭጨን ብኽያትን ኣብ ኣእዛኑ ግዲ የድሂ ነይሩ ሓደ ፍጻመ ጸወዩ ናብ ካልእ ክሰግር እዋን ይሓትት፡፡

"ዎ ኣነ ሸዑ ኑዩም ገና ዘይተመርመርና "ንእስራኤል ክኸይድ ኣይንደልን ኢና መደብና ኣይኮነን" ንበል ኢለዮም፡፡ ገለኦም ሕራይ ኢሎም፡ በዓል'ቲ ብድላዩ ዝመጸ ዓይናምን እቲ ወላሓንቲ ዘይተረደኦ ምሕርን ግን ኣብዮም፡ ረብሻ ገይሮም..."

ድሕሪ'ዚ ኣብታ ክፍሊ ሰለስተ ተረፉ፡፡ ኤልያስን እቶም ሓሓሙሽተ ሽሕ ዶላር ከፊሎም ናብ መዓስከር ሸገራብ ዝተበጽሑ'ሞ ብኡ ኣቢሎም ዝተጨወዩ ተሰፉን ክብረትን፡፡ ተሰፉ ምስ ሰዓበ ድማ እታ እንኮ ጓል ኣንስተይቲ ዝነበረት ክብረት ተቐልወ፡፡ ኣብ መወዳእታ ተራ ኤልያስ ኮነ፡ እቶም ነፍሱ-ገዳይ ብጽርፍን ማህረምትን ተቐበልዎ፡፡

"ንእስራኤል ትኸይድ ዲኻ ኣይትኸይድን?" ሕቶ ኣቕረቡሉ፡፡

"ኣነ ንእስራኤል ክኸይድ መደብ የብለይን፡፡ ዎ ዝኾነ ሰብ ኣብ ወጻኢ የብለይን፡፡ ሰለስተ ሽሕ ዶላር ግን ከይክደኩ ኣብዚኣ ከለኹ ክኸፍል ግደፉኒ" ተማሕጺናዎም ምቕልል ኢሉ፡፡ ሓደ ካብኦቶም ቴሌፎን ብምልዓል ደወለ፡፡

"ሄለው... ሰምዒ እዚ ወዲ ዝሓቦኩና ፍጹም ሰብ የብለይን፡ ሰለስተ ሽሕ ግን ኣብዚ ክኸፍል'የ፡ ይብል ኣሎ"

"ያ ዓምና ፍጹም ከይትገድፎ! ትፈልጥ ዲኻ እንተገዲፍካዮ ንዓይ ኣብ ጸገም ከእትወኒ'ዩ፡፡ ዎ ንዓኻ ከማን ከረኻኽበልካ'ዩ" መለሰሉ፡፡ ኤልያስ እቲ ሱዳናዊ ራሻይዳ ምስቲ ኣብ ከሰላ ዓርኩ ዝቖጸ ኮርዳድ (ቆርሜጭ) ይዛረብ ምንባሩ ተገንዘበ፡፡

ድሕሪ'ዚ ኣብ ምድረ በዳ ዝሕንበበ ሓያሰቲ ሞደላት ዝኾኑ መካይን ተቐረባ፡፡ ኑዩም ግዳያት ናብ ዘበኣሰ ሓሳረ መከራ ከብጽሓ - ንሲናይ!

ይቕጽል...

# ሕቶ ጥዕና

ታደሰ ተኽለ

## ምስ ምንፍርፋር ዘጋግዩ ካልኦት ሕማማት ኣለው ድዮም?

*ሓደ ሰብ ሕማም ምንፍርፋር ኣለዎ ክንብሎ እንተኾና እንታይ ዓይነት ምልክታት ክርኢ ኣለዎ? ምስ ሕማም ምንፍርፋር ዚጋግዩ ካልኦት ሕማማት ኣለዉዶ? ሰክፍታታት ሰለ ዘለኒ።*

*ባህላቢ ከባቢ እምኒ ሓይሊ*

ከም ኩነታት እቲ ዝተተንከፈ ክፋል ሓንጎል ብዙሕ ዓይነት ምንፍርፋር እኳ እንተሃለወ እቲ ቀንዲ ናይ ሓባር ምልክት እቲ ፍሉጥ እናተደጋገመ ዝመላለስ ምንፍርፋር'ዩ። ምንፍርፋር ከኣ ብደቒቕ ወይ ምስ ወናኛ ኪጋሃድ ይኽእል።

ክኢላታት ንሕማም ምንፍርፋር፡ ምሉእ ምንፍርፋርን ክፋል ምንፍርፋርን ኢሎም ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ይኸፍልዎ። እቲ ምሉእ ምንፍርፋር ዳርጋ ኩሉ ሓንጎል ዝተንከፈ ዓይነት ምንፍርፋር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ክፋል ምንፍርፋር ከኣ ንእሽቶ ክፋል ሓንጎል ጥራይ ክትሃክፍ እንከሎ'ዩ።

እዚ ክልተ ክፋላት ሕማም ምንፍርፋር እምበኣር ነፍሲወከፉ ኣብ ብዙሕ ናእሽቱ ጨናፍር ይምቀል። ነፍሲወከፉ ኸኣ ኣርቱ ባህርይ ኣለዎ። ዝኸበርካ ባህላቢ፡ እቲ ሰክፍታታካ ምእንቲ ምሉእ መልሲ ክትረኽበሉ ምስ ናይ ኣእምሮ ሓኪም ክትላዘብ ኢና ንመኽረካ።

በዓል ሞያ፡ ሕማም ምንፍርፋር ኣለካ ዶ የብልካን እንታይ ዓይነት'ዩ ኸ ንዝብሉ ሕቶታትካ ክምልሰልካ ይኽእል'ዩ። ትፈልጦ ከባቢ ሽትኡ፡ ጣዕሙ፡ ድምጹ ወይ ትርኢቱ ዝቐየረልካ እንተኾይኑ፡ ሓኪም ክፈልጥ ክደሊ'ዩ።ትርእዮ ወይ ትሰምዖ ዘለኻ ነገራት ቅድሚ ሕጂ ዘረኣኻዮ ወይ ዘሰምዓካዮ እንተኾይኑ፡ ኣብ ኣኢጋርካን ኣእዳውካን ቀጭቀጭ ዘብል ስምዒት እንድሕር ሃልዩ፡ ሃንደበታዊ ፍርሒ ወይ ሓጎስ ዝስመዓካ እንተኾይኑ፡ ጭዋዳታት ገጽካን መሓውርካን እንተደሪቑ፡ ኣብ ገለ ክፋል ኣካልካ ፈርፈር ዘብል ስምዒት እንተልዩ፡ ሓኪም ኩሉ ተካ ይኽእል። ኣካላትካ ትርጉም ዘይብሉ ምንቅስቓሳት ዝገብር እንተኾይኑ፡ ቀልብኻ ከይጠፍኣ ኣካላትካ ንሓጺር ግዜ ቀልብኻ ኣጥፊእካ ዝወደቕካሉ ግዜ እንተኣይሩ፡ ኣብ ምድሪ ወዲቕካ ኢደ እግርኻን ካልእ ኣካላትካን እናንፈርፈረ ዝጸንሓሉ ግዜ እንተኣይሩ፡ ፍሉይ ሽታን ጣዕምን ብዘንደበት ዝመጽካ እንተኾይኑ፡ ሓኪም ከቕርበልካ ኣብ ዝኽእል ብዙሕ ሕቶታት እቲ ቁንጣሮ'ዩ።

ስለዚ ጸገምካ ሕማም ምንፍርፋር ደዩ ኣይኮነን ንምፍላጥ ብመርመራ ኢኻ ክተረጋግጽ ትኽእል።

## ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ኣመጋግባ ዝበሃል ከመይ ድዩ?

*ወደይ ገና እውን ቀዳማይ ትምህርቲ ኣይጀመረን ግና። ኣዝዩ ናይ ምሕፋስ ምልክታት የርኢ ኣሎ። ክብደቱ እውን ካብ ዕድመኡ ኣዝዩ ዝሓፍ'ዩ። ገለ ሰባት ምስ ዓዘዮ ሳዕቤን ከየምጸኣሉ "ሕማቕ ኣመጋግባ" ኣይትመግብዎ ይብሉና ኣለዉ። እንታይ እዩ ሕማቕ ወይ ጽቡቕ ኣመጋግባ?*

*ሙኒራ ካብ ማእከል ከተማ*

ምኽራሽ ወይ ልዕሊ ክብደት ክበሃል እንከሎ እቲ ሰብ ዝምገቦ ሽኮራውን ስብሓዊ መግብታትን ካብቲ ኣካላቱ ዘድልዮን ዘህልኾን ክዛይድ እንከሎ ዝፍጠር ግዝፊ ኣካላት ክንብሎ ንኽእል። ስለዚ ወድኺ ካብቲ ዘለዎ ደረጃ ቁመት ዝግበእ ክብደት ንላዕሊ ዝገዘፈሉ ምኽንያት ከምቲ ዝበልክዮ 'ብምኽንያት ሕማቕ' ኣመጋግባ ክኸውን ይኽእል። ካብ ዓሌት ዝወረሶ ናይ ምህዛራጥ እውን ክኸውን ይኽእል።



እቲ ቁልዓ ዕድመ እናወሰኸ ክኸይድ እንከሎ፡ እቲ ግዝፊ ናብ ንቡር እንድሕር ዘይኣተዩ ንሓያሎ ዓይነት ሕማማት እናተቓልዐ ይኸይድ ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ ኣካላቱ ረሳሕ ስብሒ እናተኣከበ ይኸይድ፡ ሕማማት ልቢ፡ ጸቕጢ ደምን ሽኮርን ናይ ምምዕባል ተኽእሎታቱ እናዓበየ ይመጽእ ማለት'ዩ። ብዘይካ እዚ እውን ንሓያሎ ዓይነታት መንሸሮ ናይ ምግሃድ ተኽእሎ ከም ዘጋድድ ይፍለጥ።

እቲ ቀንዲ ሕቶኺ ሕማቕ ኣመጋግባ እንታይ ማለት'ዩ ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ቁልዓ ዘይኣድላዩ ስብሒ ክውስኽሉ ዝኽእሉ፡ ኣብ ገዛ ዝዳለዉን ኣብ ግዳም ዝግዘኡን ሽኮራዊ ነገራት ዝበዝሖም መስተታትን ዕሹግ መግብታትን ከም ፓስተ ዝኣመሰሉ መግብታትን ይርከብዎም። እቲ መግቢ ሕማቕ ኣይኮነን። ካብ መጠን ንላዕሊ ክትምገቦ እንከለኻ ግና ሕማቕ ኣመጋግባ እናተባህለ ይጽዋዕ። ቅብኣታዊ ትሕዝቶ ዝበዝሖም መግብታት፡ ከም ገዓት ብጠስሚ ምዝውታርን እውን ካብ ዓቐን ንላዕሊ ከኽርሽ ይኽእል።

ስለዚ ሽኮራውን ቅብኣታውን መግብታት ብኻልእ መግብታት ተኪኡ መዓልታዊ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ክገብር ደፋፍእዮ። ሓደጋ ኣብ ዘይብሉ ከባቢታት፡ ቁልዑ ዝዛናግዕሉ ጸወታታት ምስ ዝሳተፍ እቲ ዘይኣድላዩ ዝተዋህለለ ስብሒ ክጉድለሉ ይኽእል።

እቲ ቁልዓ ብፍጥረቱ ዓጸጽምቱ ገፊሕም እንተኾይኑ ንቡር ርጉዲ እውን ክራሽ ከምስሎ ይኽእል'ዩ። ነዚ ንምርግጋጽ እምበኣር ዕድመኡ፡ ናይ ኣተዓብብያ ባህርያቱን ቁመቱን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ቀረባኺ ናብ ዝርከብ ናይ ህጻናት ሓኪም ብምውሳድ ክንጸረልኪ ይኽእል'ዩ።

## ጸባ ሰለምንታይ'ዩ ዘይሰማምዓኒ?

*ሕቶሕጂ ናብ ማእከላይ ዕድመ ይግምገም ኣለኹ። ኣነ ካብ ዝፍለጥ ካብ ብቑልዓይ ኣትሒዘ ጸባ ላም ሰትየ ኣይፈልጥን። ምኽንያቱ ኣዝዩ ሰገድግድ'ዩ ዘብለኒ። ኩነታተይ እንታይ'ዩ? ከማይከ ካልኦት ይህልዉዶ?*

*ሰዒዶም ከባቢ መንደፈራ*

ዝኸበርካ ሰዒዶም ጸብ ላም ቁጠዐ (ኣለርጂ) እንድሕር ዝፈጥረልካ ኩይኑ ካልእ ናይ ጸባ ላም ውጽኢት'ውን ደፊርካ ክትወስድ ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ። ከማኻ ጸባ ላም ቁጠዐ ዝኑበረሎም ሰባት ብዙሓት ኣለዉ። ደረጃ ናይቲ ቁጠዐ ግና ኣብ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ወይ ናይ ህይወት ሓደጋ ዘብጽሕ ኣይኮነን። ናይ ጸባ ላም ቁጠዐ ዘለዎም ሰባት ናይ ጤልን ጠገዐን እውን ዘይክሰማምዖም ይኽእል። ግና ንኹሉ ሰብ ሓደ ኣይኮነን። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ይኽእል'ዩ።

ጸባ ላም ጸገኣት ዘለዎም ሰባት ነቲ ጸባ ምስ ሰተይዎ ድሕሪ ቀሩብ ደቓይቕ ወይ ድሕሪ ሰዓታት ናይ ሕማም ምልክታት ክርእዩ ይጅምሩ። ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ተምላሰን ቅርጸት ከብድን ክርእዩ ይኽእሉ። ዓይኖምን ኣፍንጫምን ብፈሳሲ ዘርባዕባዕ ይብል። ኣብ ቈርበት ዕንፍሩር ይወጽኦ። ድሒሩ ኸኣ ደም ዝተሓወሶ ወጽኣት የርእዩ። መብዝሕትኡ ናይ ጸባ ጽልኣት ዝፍለጥ ኣብ ግዜ ቍልዕነት'ዩ። ብዘይካ ሓደት ድማ መብዝሕትኦም ቈልዑ ድሕሪ 3 ዓመት እናለመድዎ ክኸዱ ይኽእሉ። ኣብ ገለ ሰባት ግና ከምዚ ናትካ ክሳዕ ዝዓብዩ ይጸንሕ ማለት'ዩ።

ከምዚ ናትካ ዓይነት ጸባ ላም ጽልኣት ዘለዎ ቈልዑ ዘይተረደኦም ወለዲ ኣገዲዶም ከየስትይዎም ክጥንቀቑ ይግባእ። ክሳዕ 3 ዓመት ዝሓልፍ ከሸግርዎም የብሎምን። ድሒሩ ድማ ብናታቶም ድሌት ቀሩብ ክጥዕሙ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ቢታ ዝኣሰት ማንካ ይፈትንዎም። እንተዘይተሰማሚዖም ክ ገ ድ ፍ ዎ ኣለዎም።



# ብዙሕ ነገር'ዩ ዝጽበየና ዘሎ

## ዓንኬል ፍቕሪ

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

ኤልሲ ሰብኣያ ዘዋር ምኳኑ ካብ ትፈልጥ ሓያሎ ዓመታት'ዩ ተቖጺሩ። ዳግ ሓደ ሰዲ እዩ። ደቀንስትዮ ግን ይኾናሉ'የን። እቲ ከም ማግኔት ሱሓቢ ኣካላዊ ኣቃውማኡ'ዩ ንኤልሲ'ውን ብፍቕሩ ተማሪኻ ክትምርዓዎ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክትኣምኖ ዝቐሰቡ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ዘተረፈቶ ነገር እንተሃልዩ ድማ ጣዕሳ ጥራይ'ዩ። ስለምንታይ'ያ ኾን ኪ'ንጽ'ቲ ደጋዊ ማራኺነት ኑቲ ሕቡእ መንነቱ ክትርእዮ ዘይከኣለት? በቲ ሓሳዊ ደጋዊ ትርኢቱ ስለ ዝተታለለት ጥራይ'ያ። ስለምንታይ ደኣ'ሞ ክሳብ ሎሚ ምስኡ ክትጸንሕ ወሲና? ካብ ሰራሕ ኣብ ተዐርፈሉ ግዜ ደጋጊማ ንገዛእ ርእሳ እተልዕሎ ሕቶ'ዩ። ጸቡቕ ሺላ ክውንኑ ንኽልተ ምጭዋት ቈልዑ ከዕብዩን በቒዖም'ዮም። ስለዚ እቲ ክትጉብሮ ዝበራ እንኮ ኣማራጺ ደቃ ክሳብ ዝጉብዙላ ጨጓር ንውሽጢ ገዲራ ምቕጻል ጥራይ'ዩ።

ዳግ ኣዝዩ ሊጋስ'ዩ። እዚ ባህርያቱ'ዚ እዩ ድማ ምስ ኣንጻር ጾታ ከም ድላዩ ክዕንድር ሓጊዙዎ። ብዘወሳኺ'ውን ዝኾነ ነገር ብሽፍሙኡ ክፍጡ እንክሎ ብሕማቕ ዓይኒ ዝጥምቶ ሰብ ኣይነበረን። እታ ንዋሕ እዋን ዝተሳቐየት ሰበይቱ 'ውሽጣ ሕርርቲ' ክንሳ ናይ ሓሶት ፍሽኽታ ኣብ ግንባራ ጠቒዓ ክትነብር ዝነበረ'ውን እዚ ሊጋስ ባህርያት ሰብኣያ'ዩ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ሂወታ ጨፊራ ተሰፋ ዝዘርኣላ ኣጋጣሚ ተፈጥረ። ኣብ ዕዳጋ ክትሸማምት ኢላ ኮለል እናበለት እንክላ'ያ ወዘቢ ጎፍንገፍ ዝረኸበቶ። ራፐርት ዴልስ ናይ ፈለማ ኣፍቃሪኣ'ዩ ነይሩ። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ሓደ መዓልቲ ካብ ሲነማ እናተመልሱ ብዘይ ረብሓ ነገር ተኻሪዮም ከም ዋዛ ተፈላልዮም

ተረፉ። ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ትኹን ግን ካብ ኣእምሮኣ ኣውጺኣቶ ኣይትፈልጥን እያ። ስለምንታይ ክትርስዖ ከም ዘይከኣለት ከኣ ሕጂ ጎፍ ምስ ተበሃሃሉ'ዩ በሪሁላ። ዓይኒ ንዓይኒ ምስ ተጋጨዉ ትርግታ ልበታትዮም ክንሆር'ዩ ተፈሊጡዎም።

ኣብ ሓደ ካፌ ኣትዮም ቡን ኣዚዞም ብዙሓ ሕሉፍን ህልውን ሂወቶም ወጃዕ ክብሉ ከይተፈለጦም ግዜ በልዐ። ብዙሓ መጺኢ ግን ከዕልሉ ኣይተሰምዖን_ብውሑዱ ብሓደ ስለ ዘይነበሩ። ኤልሲ ባህጊ ራፐርት እንታይ ምኳኑ ኣብኡ እንክሎ ተረዲኡዋ'ዩ። ኑዮም ካብ ኣፉ ክወጽኦም ዘይከኣለ ቃላት ካብ ስምዒታቱ ብቐሊሉ ኣንቢባቶም'ያ። ክድምጽም'ኳ እንተዘይከኣለ ስምዒታቱ ግን ንኹሉ ሓሳባቱ ካብ ምኽሻሕ ኣይሰኣኑን። ንራፐርት'ውን መልእኽቱ ብሽፍሙኡ ከመሓላልፍ ይቕሎ ነይሩ። ኣብ መውዳእታኡ ኤልሲ ካብቲ ኣብ ቀረባኦም ዝነበረ ሱፐርማርኬት ኑታ ንእሽቶ ጓላ ገለ ነገር ክትገዝኣላ ከምዝደለየት ብምሕባር ካብ መንበራ ብድድ በለት። ንጓላ ንልደት ዝኾና ባምቡላ ክትእዝዞላ ነይራዋ።

"ምሳኺ እንተኸደኩ የኽፍእ ደዩ?" በላ ራፐርት ብህንጡይነት። ኤልሲ ወትሩ ሓንካስ ምኽንያት እናፈጠረት ርእሳ ብኣሉታ ምስ ነቕነቐት'ያ ነይራ። ሕጂ ግን ሰጋእ-መጋእ ከይበለት'ያ ምስምማዓ ገሊጻ።

እቲ ሱፐርማርኬት ዝዕጸወሉ ሰዓት ተቓሪቡ ስለ ዝነበረ ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበሉ ክስገሙ ተራእዩ። ሽዑ መዓልቲ ሰብኣያ ኣብይ ከም ዝነበረ ኣመት ኣይነበራን። ሓድሽ ነገር ስለዘይነበረ ግን ብዙሓ ሃለዋት ሰብኣያ ትሻቐለሉ ምኽንያት ኣይተራእያን። እቲ ሰፊሕ ሱፐርማርኬት ጸምዩ ነበረ።



ኤልሲ ብቐጥታ ናብቲ ባምቡላታት ዝሓዘ ክፍሊ ኣምርሐት። መሰከይታ ራፐርት ዝፈጠረላ ባህታ ዓቕኑ ኣይጎደለን ነይሩ። ሕሳብ ክኸፍሉ ናብ'ቲ ካሳ ምስ ቀረቡ ተሓዝ ሕሳብ ኣብ ቦታኡ ስለዘይነበረ ደው ኢሎም ክጸበዩ ተገደዱ። የግዳስ ኩሎም ሰራሕተኛታት'ቲ ትካል ብሰራሕ ዝተጸምዱ'የም ዝመስሉ ነይሮም። ቁሩብ ጸንሕ ኢሉ ድማ ብድሕሪ'ቲ "santa comes to town" ዝብል ድርብ ጽሕፈት ዝተጻሕፈ ጸለም መጋረጃ ከም ናይ ቁልዓ ከርከር ዝብል ናይ ሰሓቕ ድምጺ ተሰምዐ። ከናፍርራ ራፐርት በቲ ዝሰምዕአ ድምጺ ተገሪመን ብፍሽኽታ ተጋሊሀን ነበራ። ኤልሲ ግን እቲ ሰሓቕ ካብ ምንታይ ዝቐለ ምኳኑ ስለ ዝተረድኣ ክትሓፍር'ያ ተራእያ።

ካብ'ቲ ሱፐርማርኬት ክወጽኡ ብዓዘስ ምስ በሉ፡ እንደገና ብድሕሪ'ቲ መጋረጃ፡ "ሂ-ሂ-ሂ-ሃ-ሃ-ሃ-ሆ-ሆ-ሆ!" ዝብል ብሰምዒት ናይ ዝሰሕቕ ሰብ ድምጺ ኣቃልሐ። ኤልሲ ብቕጽበት፡ "ሓንሱብ'ስኪ ጽናሕ፡ እዚ ድምጺ ጸቡቕ ገይረ'የ ዝፈልጦ!" ብምባል ከይትሰማዕ ብትሑት ድምጺ ኣሕሾኽሾኸት። ናብ'ቲ ድምጺ ዝሰምዓትሉ ክፍሊ ገጻ እናተሃንደደት ኑቲ መጋረጃ ብሓይሊ ኣብ ዝጋልሀትሉ ህሞት እቲ ወላኺ ድምጺ እንደገና ኑቲ ክፍሊ ክቡልሉ ጀመረ። ሰብኣያ ዳግ ኩዳን ኣቦ ልደት ተኸዲኑ ምስ ሓንቲ ንእሽቶ ተሓጋጊዚት ክቱሸም ምስ ረኣየቶ ኣዒንታ ጎልሓጥ ኢለን ክዞጥራ ደለያ። ክልቲኣን ብርጉዲ ዝዓጠራ ኣእዳው ዳግ ብውሽጢ ጎና ናይታ ኣብ ብርኩ ተኾይጣ ዝነበረት ጎርዞ ሓለፈን ስረሐን ደሰርሓ ነበራ። እቲ ጻዕዳ ጭሕሚ ሳንታ ድማ ኣብ ክሳዱ ተንጠልጢሉ ምስ'ቲ ሰሓቕ ደሰዕሰዕ ነበረ። ኣዒንቲ ዳግ ምስ ናይ ኤልሲ ምስ ተ ጋ ጨ ዋ

ዓንኬል ፍቕሪ

ድ ም ጹ ፡ "ሂ-ሂ-ሂ-ሃ-ሃ-ሃ-ሆ-ሆ-ሆ-ኖ-ኖ-ኖ!" ናብ ዝዐቢ ናይ ሰንበደ ቃና ተለወጠ።

ኤልሲ ብዘማበራት ሰብኣያ ክትሓርቕ ተጸብያ ነይራ፡ ግን ኣይሓረቐትን። ኣብ ክንዲ ሕርቃን ዝተሰምዓ ነገር እንተነይሩ እፎይታ'ዩ። ናይ ሰብኣያ ቅሉት ብፍሽኽታ እንክትዕዘብ እቲ ኩሉ እህህታኣ ቅንጥጥ ኢሉ ከደ። ከመይ ዝበሉዎ በዓለገ እዩ! ኑታ ጎርዞ ካብ ብርኩ ደፊኡ ብምድርባይ፡ ሰበይቱ ምሕረት ክትገብረሉ ኣዒንቱ ኣስለምለመን። ኤልሲ ግን ንዳግ ከይተገደሰትሉ ናብ'ቲ ናይ ፈለማ ፍቕራ ራፐርት'ያ ገጻ ጠውያ። ኑቲ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ዝኸሰረቶ ፍቕሪ እተማልሰሉ ግዜ ሕጂ'ዩ። ራፐርት በቲ ዝረኣዮ ነገር ፈዘዙ ኣብ'ታ ዝበደፈቶ ተዓኪዱ ነበረ። ኤልሲ፡ "ገለ ገለ ሰባት ሰክፍታ ዝበሃል የብሎምን! ንዓናይ ራፐርት ፍቕረይ፡ ብዙሕ ነገር'ዩ ዝጽበየና ዘሎ" ብምባል ንሰብኣያ ጠንጢናቶ ምስ ራፐርት ሱቶ ብራኞ ተተሓሒዛ ተመርቀፈት!!!

## ዋዛ ፍቕሪ

"ቦብ፡ በጃኻ ኢለካ ምሸት ምሸት እንዳ ባር እናኸደካ ልዕሊ ዓቕን ኣይትስተ። ንዓ'ሞ ሓደ ነገር ከርእየካ" ብምባል ሰይቲ ቦብ ክልተ በኪሪ ኣብ ቅድሚኡ ቀረበት። ኑታ ሓንቲ ዊስኪ ኑታ ካልኣይቲ ድማ ማይ መሊኣ'ውን ናብ ክልቲኣን ሓሰኻ ኣእተወትለን። እቲ ኣብ ማይ ዝኣተወ ሓሰኻ ብዘይ ጸገም ኣብ'ቲ ማይ ክሕንብስ ተራእዩ። እቲ ኣብ ዊስኪ ዝኣተወ ሓሰኻ ግን ከየላበወ ስለ ዝሞተ ንታሕቲ ጠሓለ። "ርኢኻዶ! እንታይ ትዕዘብ ኣሎኻ?" በለት ሰይቲ ቦብ ብህንጡይነት። ቦብ ብወገኑ ንኽልቲኤን በኪራታት በብተራ ድሕሪ ምዕዛብ፡ "ንዓይ ዝረኣየኒ ዘሎ ማስተ እንተሰቲኻ ሓሳኹ ከምዝደለግቡኻ ጥራይ'ዩ። ስለ'ዚ ናብ'ታ ባረይ ክይደ'ለኹ" ኢሉዋ ክሰቲ ተዓዝረ።

## ሰብኣይ ንሰበይቱ ክገብረላ ዘለዎ ነጥቢታት

የዕልላ፦ እንታይ ትሰርሕ ከም ዘሎኻ፡ ተስፋታትካን ናይ መጻኢ መደባትካን ንገራ።

ኣምሲያ ከይተጸቦኻ ኣካላዊ ምትንኻፍ ኣዘውትር፦ ሓለፉ ኩሉን ከም ተፍቅራ ክትርድኣልካ እንተደሊኻ ልዝብ ኢልካ ኣብ ዝተፈላለየ ኣካላታ ተናኸፋ።

ኣኽብራ፦ ከም ማዕጾ ምኽፋት፡ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት መንበር ምስሓብን ካብ ስራሕ ኣብ ትኣትወሉ ግዜ ናይ ላዕሊ ጁባኣ ኣብ ምውጻእ ምሕጋዝን ዝኣመስሉ ነገራት ብምፍጻም ኣብ ልዕሊኣ ዘሎካ ኣኽብሮት ግለጸሉ።

ኣድንቃ፦ ክሳብ ክንደይ ጽብቕቲ ምኳና፡ መኣዝኣ'ውን ሱሓቢ ምኳኑ፡ ጸቡቕ መግቢ ከምዝሰርሐት ወዘተ ደጋጊምካ ኣድንቐላ።

ከሽላ፦ ብስራሕ ደኺማ ምስ እትመጽእ'ሞ ግዜ ምስ ዝህልወካ ጸብሒ ምስራሕ ሓግዛ፡ ብሓገዝካ ክትሕጎስ'ያ።

ከም ተፍቅራ ንገራ፦ ናይ ብሓቂ ተፍቅራ እንተኾንካ ኑቲ ሰቕታ ብምስባር ከም ተፍቅራ ኩሉ ግዜ ንገራ።

ሓግዛ፦ ኣብ ደቀቕቲ ነገራት ከተረፈ፡ ንኣቡት ካብ ብርኽ ዝበለ ኩብሒ ኣቕሑ ምውራድ፡ ገዛ ምጽራይ ዝኣመስሉ ነገራት ሓግዛ_ ክትሕጎሰልካ'ያ።

ምስኣ ኳንካ ስራሕ፦ ምስኣ ብሓባር ብምስራሕ ደጋፊኣ ምኳንካ ኣርእያ።

ናይ ገዛእ ርእሳ ውሳኔታት ክትወስድ ሕደጋ፦ ንሰበይትኻ ከየማኸርካ ዝመሰለካ ውሳኔታት ትወስድ እንተኾንካ፡ ናታ ርእይቶ ከምዘየገድሰካ ኢኻ ትነግራ ዘሎኻ ማለት'ዩ። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዘሎ ሰጥመት ዝዘርግ'ዩ።

እሙን ኩን፦ ዝበዝሓ ደቀንስትዮ ኣብ'ቲ ዝደልየን እዋን ነገራት እንተተፈጺሞምለን ኣብ ልዕሊ ሰብኡተን እምነት ከሕድራ ይረኣያ'የን።

## ጥቕሲ ፍቕሪ

ሓዳር ውሑሰት ዝበሃል ነገር የብሉን፤ እዚ ትደሊ እንተሃሊኻ ከድ'ሞ ምስ ናይ መኪና ባዘሪ ተቐመጥ።

_ ኤርማ ቦምቤክ

ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ዕወት ሰብኣይ ጓለንስተይቲ ኣላ።

_ግራችማርክስ

ፍቕሪ ብመርዓ ዝፍወስ ግዜያዊ ጽላለ'ዩ።


_ኣምብሮስቤርሲ

ዘፍቀረት ጓለንስተይቲ ማስተውዓሊት ክትከውን ኣይትኽእልን'ያ፡ ወይ'ውን ኣየፍቀረትን ማለት'ዩ።

_ ማዊሰት

ደቂተባዕትዮ ኑታ ናይ መወዳእታ ስዕመቶም እንክርስዑ፡ ደቀንስትዮ ግን ኑታ ናይ ፈለማ ስዕመተን'ኳ ኣየርስዓን።

_ሪሚዲ ጎርሞንት



## ዳሃብ ዳዊት

Congratulations!

happy birthday



ብ ዕለት 10/11/2013
1ይ ዓመት ልደትኪ ዘብዓልኪ
ምጭውቲ ጓልና ህያብ ጎይትኦም፡
እንቋዕ ናብዚ ክቡር ዕለተ
ልደትኪ ኣብቃዓኪ
ይብሉኺ!!

ኣቦኺ ጎይትኦም የዕብዮ

ኣደኺ ናዝሬት ጎይትኦም

## ርሑስ ጋማ

happy wedding

ብ ዕለት 20/10/2013

ቃል ኪዳን ዝኣሰርኩም

ወ/ት ርግኣት ተስፋስላሴ
ምስ
ኣቶ ዳዊት ነጋሽ

ርሑስ ጋማ ፈረይትን
ጸገይትን ይግበርኩም
ንብል ሓውኺ፡ ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣበባ ተኽለሃይማኖት
ምስ ኩሎም ስድራ-ቤት





CONGRA

## ዮ ሃ ና



ዮሃና

ብ ዕለት 07/10/2013
መበል 5ይ ዓመት
ልደትኪ ንዘብዓልኪ ንፈትወኪ
ጓልና ዮካቤድ ሰዓረ ብርሃነ እንቋዕ
ናብዚ ኣብቃዓኪ ንብለኪ!!

ስድራቤትክን
ፈተውትኽን




## ዮሃና

ብዕለት 4/11/2013
1ይ ቦኽሪ ዓመትኪ
ዘብዓልኪ

ምጭውቲ
ኣልጋነሽ ሚካኤል ሃይለ

እንኳዕ ናብዚ ዕለተ
ትውልድኺ ኣብቃዓኪ
ይብሉኺ መም/ኪዳነ
ሃይለ ኣቶ ሰመረ ናይዝጊ

congra



ኣ ብ ኣሜሪካ ከተማ
ዳላስ

ብ ብዕለት 1/11/2013
መበል

1 ይ ዓመታ
ዝኸበረት

ምጭውቲ ጓልና
ደሊና ምልክት ኣስገደ
እንቋዕ ናብ'ዚ ኣብቅዓኪ
ትብለኪ፦

ዓባይኺ ኣልጋነሽ ኣለም (ኢለን)
ምስ ሓወቦታትኪ ፍጹም ኣስገደን
ዳግማዊ ኣስገደን



happy birthday

## ዮ ሃ ና

ን ዕለት
23/11/2013
ቦኽሪ ዕለተ
ልደትካ እተብዕል ምጭውን
ፍቱውን ህጻን ወድና ሰናይ ኣኽሊሉ፡
እንቋዕ ኣብቃዓካ እናበልና፡ ምሉእ
ጥዕናን መጻኢ ዕድልካ ብሩህን
ትሰፍውን ክኾነልካ ንምነ!!
ንወለድኻ ኣኽሊሉ ታደሰን
ነብያት መሓሪን እንቋዕ
ሓጎሰኩም ንብል



ሓወቦኻ ቦኽረ ታደሰ ምስ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

# ሒደት ጻንሖት ምስ ኣቶ ነጋሽ ሓጂ

-ንስድራ ስውኣት ግዛ ክትሰርሕ ዝደረኸካ?

*ኣነ ካብ ስኡናት ስድራ- ቤት ኢየ ተወሊደ። ጉዳና ብዙሕ ሽግር'ውን ኣሕሊፍና ኢና። ብሸኽሊ ክቱር ስእነት ትምህርተይ ከቋርጽ ተገዲደ ኢየ። ሓወይ'ውን ትምህርቱ ኣቋሪጹን ንምግዳ



ኣደይ ለተሃንስ ዓሸራ ዓሊ

ከይዱን ኢዩ።

-መዓስ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ?

*ድሕሪ ሓርነት ከረን(ሓምለ 1977) ሓደ ወርሒ ጸኒሑ'ዩ ከይዱ። ወተሃደራዊ ታዕሊም ወዲኡ ኸኣ ንገዛኡ- ክርእየና መጺኡ። እታ ግዛ ካብቲ ዝበደሉ ኣጸቢቓ ጸገምዋ'ያ ጺሒሓትዩ። ዝኾነ ነገር ቀሪብና ክንቅበሎ ኣይከኣልናን። በዚ ብወሸጡ- ብሕልናኡ ከይኑበዐ ኣይተረፈን። ብዘኾነ ደድሕሪ'ዚ ምዝላቕ ይመጽእ። ንሕና ብድሕሪ ሓወይ ተኣኻኺብና፡ ሓርነትተት እናበልና ኣብ ደሓን ደረጃ ንበጽሕ። ናጽነት የርክብ። ሓወይ ክኣትወልና ተጸቢና። እንተኾነ ከም ኩሉ ኤርትራውን ስድራ- ቤት ሓርበኛን "ሓው'ኩም ተሰዊኡ" ብምባል ተረዳእና። እዚ ናይ ሓወይን ካልኦት ስውኣትን ክብርቲ ህይወቶም ምእንቲ ሃገርም ምውፋይ ከም ዜጋ ይሰምዓንን ገለ ነገር ንኽገብር ይደፋፍኣንን ነይሩ።

-እንታይ ዝበል ደፍኢት?

* ማለተይ ኣነ ድሕሪ'ቲ ወግዓዊ ምንጋር ስውኣት ኣይቀሰንኩን ክበል እኽእል። ብፍላይ ሓወይ ድሕሪ ታዕሊም ምዝዛሙ ገዝኡ መጺኡ ክእንገደሉ ዘይምኽኣሉን ዝ. ሕጂ ዘለናዮ ርህው ኩነታት ዘይምክፋሉን ይሰምዓኒ ነይሩ። ዝረሰዕኩልካ፡ ኣብ ጥቓ ስድራይ ንሓወይ መሬት ዓዲገሉ ነይረ። ኣብኡ 25 ሺ.ያጆ (ጽዕነት ማኪና) እምኒ'ውን ኣውዲቐሉ። ብዩወት ምስ መጸ ርእሱ ክኣሊ፡ ሓዳሩን ናብራኡን ክመርሕ ካብ ዝበርዒ ባህጊታት ኢዩ። ሕጂ እቲ እምኒ ኣብ ዘለዎ ድሕሪ ምጸናሕ ግዛ ለተሃንስ ዓሸራ ኣብ ምስራሕ ተጠቒምናሉ ኢና።

-እቲ እምኒ ኣብ ሞንጎ'ቶም ስውኣት ምትእስሳር ዝፈጠረ ይመስል?

*እወ ብኾምኡ'ውን ክገልጾ ይኽእል ኢዩ። ብዘኾነ ካብ እዋን ናጽነት ኣትሒዙ ክሳብ ረፈረንደም ዝቐደ ዝበረን ብሽደዮ ዝሰደትምምን 12 ካሴታት'ውን ብስም ስውእ ሓወይ ንምምሕዳር ከተማ ኣረኪበዮ ኢዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣመሓዳሪ ዝበረ ተጋዳላይ መሳ ናይብ ኢዩ። በዚ'ውን ኣይዓዝበኩን። ኣነ እብልዑ ጸቡቕ'ውን እኑብር ኣለኹ። ብስም ስውእ ሓወይ ግና ንጸጉማት ስድራ- ቤት ስውኣት፡ ወይ ንደቂ ስውኣት ሓደ ነገር ክንብር ኣለዊ ዝብል ሓሳብ ይሓድረኒ። ንኣማሓዳሪ ከተማ ከረን ዝበረ ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ብዘዕባዚ ሓሳበይ ኣካፊለዮ። ንሱ ኸኣ ገዛኣ ብማስተር ፕላን ናይ ከተማ ዝፈረሰ ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት ኣላትካ ይብለኒ። ምስኣ ኸኣ የራኽበኒ። መዕቆቢ ግዛ ክሰርሓላን ክሳብ ብህይወት ዘለና ብዮቕመይ ክናብያን ከኣ መብጽዓ እኣቱ። በዚ መሰረት'የ ግዛ ክሰርሓላ ተደሪኸ።

-መመረቕታ ናይቲ ግዛ ከመይ ነበረ?

*ፈለማ ሓንቲ ግዛ'የ ሰሪሐ። ነቲ ግዛ ኣብ ቅድሚ ህዝብን መንግስትን ከረክቦ ከለኹ፡ ምምሕዳር ናይቲ ከባቢ ደማ ብናተይ ወጻኢታት ግብጃ ገይሮም። ኣነ ከም ተዓዳማይ'የ ተረኺበ። ምሳይ በዓልቲ ቤተይ፡ ወለደይ፡ እንዳሓሞይን ከምኡ'ውን ሓወቦይ ነይሮም። ኣመሓዳሪ ከተማ፡ እዚ ንስድራ-ቤት ስውኣት ንምሕብሓብ ዝገበር ዘሎ ምኳኑ፡ ከምኡ'ውን ክተባብዕን ክምንስን ዝግብኦ ምኳኑ'ዩ ገሊጹ። ብወከይ ከኣ ክልቴና ከም ኣደን ወላድን ክንጠማመት



ኣቶ ነጋሽ ተ/ሚካኤል ሓጂ

ምኳንና ኣብኡ መብጽዓይ ደጊመ።

-እሞ ብድሕሪኡ ዕግበትዶ ተሰሚዑካ?

*ኣዝዩ ተሓጒሰ። ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት፡ እሞ ኸኣ ጸንታ ምኳና፡ ምስቲ ሓድጊ ከይገደፈ ዝተሰውአ ሓወይ ስለዝዘምዶ ዓገበ'የ ክበል እኽእል። . . .ኣነ ንገዝኡ ጠሚተ ኣይተገዘኩን ገይረዩ። እታ ኣደ ስውኣት ብኾመይ ትቐስን ጥራይ'ዩ ነይሩ ሓሳበይ። ዝያዳ ኒሕ ዘለምምን ዘይተዋገረሎምን ካብ ናተይ ዝጠዘሐ ወጻኢታት ዝገበሩን ከም ዘለዉ ጥራይ'የ ክሕብር ዝደሊ።

-ሕጂ ምስ ለተሃንስ ዘለኩም ዝምድና ከመይ ይመስል?

*ይገርመካ ኢዩ። ለተሃንስ ምሳይ ጥራይ ዘይኮነ ዳርጋ ኣብ ስድራ- ቤተይ ኣትያ ኢያ ክበል እኽእል። እንዳሓሞይ ብምሉኦም ትፈልጦምን ይብጽሑዋን ኢያም። ናብ ወለደይን ገዛይን ከኣ ትመጻናን ንኸዳን። ኣብ ጉዳና ከም ገዛኣ'ያ ተዕርፍ። ደቀይ ዓባይና ይብልዋ፡ ንሳ ኸኣ ደቀይ ኢያ እትብሎም።



ብብንያም ሃይለ (ኩዶ ራንዳሌ)



## ስዉኣትና- ዝኽሪ ወለዶምን ደቒ'ኖኦምን

### ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት. . . ሕሉባን ንጹፋን!!

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ኩነታት ምርዳእ ኣብ ወራራት ወያነ ናይ ዝተሰወኡ ሓርበኛታት፡ ብሓፈሻ ኣብ ከባቢ ሰለስተ (ዓዲ ሓሸል)፡ ብፍላይ ከኣ ኩነታት ናይታ ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት ለተሃንስ ዓሸራ ዓሊ ከመይ ከም ዝበረ'ዩ ተገሊጹ። ለተሃንስ ኣቦላት ሃማደኣ፡ ንብዕሉ ኣመሓዳሪ ተኪኤ ቀለታ ዝርከቦ ኣቦላት ምምሕዳር ከተማ ዝሓዘ ሐዞም ብምምጻእ ደብሶማ ኢያም። ንሳ'ውን በዚ ኢጋጣሚ ምስጋንኣ ኣቕሪባ ኢያ። ለተሃንስ እቶም ክልተ ሓርበኛታት ደቃ ብሕማም'የም ብማስዋእቲ ተፈልዮሙ። ብፍላይ ናይቲ ቦኽሪ ወዳ ኣልኣዝር ህያቡ ኣሰዋውኣ፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ኣማውታ በዓል ቤታ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ተገሊጹ ኢዩ። 5ይን መወዳእታን ክፋል ናይቲ ጽሑፍ ንቕጽሎ ኣሎና። ኂ- ኂ'ዚ ኣርእስቲ "እቶም መዘኑ ደቂ ግዝወቲ- ዓዲ ሓሸል" ኣብ ትሕቲ ዝብል ካልእ ኣርእስቲ ዝጀመርናዮ ጽሑፍ ከኣ ዝመጽእ ሰሙን ክንቅጽሎ ምኳንና ብተወሳኺ ንሕብር።



ኣቶ ተኪኤ ቀለታን ነጋሽን ኣብ ምርኽኻብ ሰነዳት

• ለተሃንስ ዓሸራ ዓሊ ገዝኣ ኣብ ከረን፡ ከባቢ ሰለስተ- ዞን ኣርባዕተ'ዩ ዝርከብ። ፍሉይ ስሙ ኸኣ ዓዲ ሓሸል ይብሃል። ቅድሚ 3- 4 ዓመት እቲ ዝበረቶ ግዛ ኣብ ማስተር ፕላን ስለዝኣተወ (መገዲ ጽርግያ ስለዝበረ) ክፈርስ ግድን'ዩ ዝበረ። ንሳ ኸኣ ብዘይ መዕቆቢ ተረፊት። ኣዚ ዝተዓዘበት ኣብ ከባቢ ሰለስቲ፡ ናብ ዞን ክልተ (ግዛ ጥኑዓ) ኣመሓዳሪት ወይዘሮ ዛህራ ኣብብከር ድራር ናብ ኣመሓዳሪ ከተማ ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ብምኻድ ኣመልከተት። 'ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት ገዝኣ ስለዝፈረሰ ኣብ ጥራይ ጎልጎል ኣላ' ብምባል'ያ ሓቢራ። ናይ ሽዑ ኣመሓዳሪ ከተማ ዝበረ ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ብወገኑ፡ "ምስ ኢንጅነር ሚካኤል ተረዳዳእና ብመንግስቲ ክሰርሓላ'ዩ" ዝብል መልሲ'ዩ ሂብዋ። ኣብ ሞንጎ'ዚ፡ ኣቶ ነጋሽ ተኽለሚካኤል ሓጂ ዝተባህለ ዜጋ ምስ ኣመሓዳሪ ከተማ ብኢጋጣሚ ኣብ ዝተራኸብሉ፡ ንዘተኻት ስድራ- ቤት ስውኣት ግዛ ክሰርሓሎም ድሌት ከም ዘለዎ ኣተንብሀ። በዚ መሰረት ኣቶ ተኪኤ ናብ ይማ ዛህራ ኣብብከር ስልኪ ብምድዋል፡ ኒታ ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት(ለተሃንስ) ሒዛታ ናብኡ ከም እትመጽእ ገበረ። ኣብቲ ቦታ እቲ ንስድራ- ቤት ስውኣት ግዛ ንክሰርሕ መብጽዓ ዝኣተወ ኣቶ ነጋሽ፡ ሓላፊ ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ዞባ ዓንሰባ ዝበረ ኣቶ ዘርእሰናይ ተሰፋይ፡ ናይ ሽዑ ምክትታል ከጠቢታት ሓላፊት ዝበረት ወይዘሮ ሓረገ ተረኺቦም ነበሩ። ሻቡ ኣቶ ተኪኤ ቀለታ "እንሆትልካ በሉ፡ እዚኣ'ያ እታ ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት" በሉ። ነጋሽ ብወገኑ "ባዕላ ኢደይ ዛህረስ ኣዕበያትኒ እንድያ፡ ንለተሃንስ ከኣ መዕቆቢ ግዛ ክሰርሓላ፡ ብህይወት ክሳብ ዘለና ከናብያ መብጽዓ ይኹነኒ" ብምባል ኣብ ቅድሚ ኩላቶም ቃል ኣተወ።

በዚ መሰረት፡ ኣቶ ነጋሽ ተኽለሚካኤል ሓጂ ኣብቲ መንግስቲ ንለተሃንስ ዝሃባ ቅያር መሬት ፈለማ ሓንቲ ክፍሊ'ዩ ሰሪሑ። ምምሕዳር ከባቢ ብወገኑ ሰለስተ ኣጣል ብምሕራድ ነቲ ግዛ መመረቕታ ገበረሉ። ኣብቲ መመረቕታ ኣቶ ነጋሽ ምስ ወለዱን ስድራ ቤቱን ተረኺቡ ነበሩ። ብቲ ዝተገብረ መመረቕታ ዝተተባብዐ እዚ'ውን ብወገኑ ንዕዱማት ኢጋይሽ ዝተፈላለየ ልስሉስ መስተ ብምእንጋድ፡ ብምምሕዳር'ቲ ከባቢ ወጻኢታት ከይተጉብረሉ ኣይሓለፈን። ኣቶ ነጋሽ ካብቲ ዘለዎ ምቕሉልነትን ልግሰን ብምብጋስ፡ እቲ ኣዚ ግዝወቲ ዝበበረሉ ወጻኢታት ኣትሒቱ ከም ዘመዝገቦ ካብቲ ሰዓቱ ኪግምት ይከኣል።

ኣደ ኣርባዕተ ስውኣት ለተሃንስ ዓሸራ ዓሊ ሳላ'ቲ ዝተጉብረላ ሰናይ ተግባራት ኣብዚ እዋን'ዚ ተሓቢናን ፍናና በሪኹን ደርከብ። ዋላ'ኳ እቲ ንዋታዊ ሓገዝ ነቶም ስውኣትን ዕምባጦን ደቃ ዝትክእ እንተዘይኮነ፡ ህዝብን መንግስትን ኣብ ስውኣቱ ዝለዎ ልዑል ክብሪ መርኣያ ብምኳኑ'ግና ከይተርዓትሉ ኣይተረፈትን። ንሳ "ኣነ ንነጋሽ ኣይወለድኩዎም፡ ንሱ'ውን ባዕሉ ኣይመጸኣንን፡ ኣምላኽ'ዩ ኣራኺብና" ድማ ትብል። ንሱ፡ ገሊኡ ክፍልታት ናይቲ ግዛ ተካርዮ ኢያ። ኣታዊታቱ ኸኣ ንመናበሪ'ቶም ሓሚሞም ዝበሩ ደቃን በዓልቲ ቤታን- ካብ ኣዝዮዳ ዝተለቅሐቶ ገንዘብ፡ ግብሪ ገዛ ከምኡ'ውን ካልእ ዕዳ ክትከፍል ይሕግዛ ምህላዉ'ያ እትገልጽ።

"ጥዕናኺ'ኸ ከመይ ኣሎኺ?" ኣብቲ መዘዞሚ ዕላል ናብ ለተሃንስ ዓሸራ ዓሊ ዝቐረበ ሕቶ'ዩ ዝበረ። ንሳ፡ "መገቢ እንተለስዎን እንተሰትየን እዛ ኹብደይ ትንፋሕ። መርዓት ከለኹ ዝጀመረኒ ኢዩ። ሕክምና ደርኣይ- ሓንቲ የብልክን ይበሉኒ። ብዘይካ'ዚኣ ኢንሻላህ! ካልእ ሓንቲ ጸገም የብለይን" ከኣ ትብል።



ኣቶ ንጋሽ፡ ሽዑን ሽዑን ተወሲኹቲ ክፍልታት ኣብ ምስራሕ ተጸምደ። ብድምር ሽዱሽተ ክፍልታት'ዩ ሃኒጹ። እዚ ኸኣ ሽቓቕ፡ ጥኖ፡ ባኞ ማይ፡ ምስ በርንዳኡን መካቡብያኡን ዘጠቓለለ ኢዩ።

# ደብዳበታት ቀንበብተ

ሳልማን ስራጅ

## ኣብ እምኒ ሓይሊ ዶ ቤት ጽሕፈት ኣሎና'ዩ!

ብ4 ሕዳር 2013 ኣብ ዝተሓትመት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ዓምዲ ደብዳቤታት ኣንበብቲ "ኣስተብህሎ ይደሊ ኣሎ" ብዝብል ኣርእስቲ ዝወጸ ርእይቶ ኣሎ። ኣብቲ ብሚከኤል ሰማገርግስ ካብ ኩዶብዑር ንኣስ ዞባ እምኒ ሓይሊ ዝተጻሕፈ ርእይቶ፡ ክፍሊ ኢሚግሬሽን እትርከቦም ኣብያተ ጽሕፈት እቲ ንኡስ ዞባ ሰዓታት ስራሕ ከየማዞኸብራ ተጠቒሱ'ሎ። ኑቲ ዝቐረበ ርእይቶ ድማ እዚ ዝስዕብ መልሲ ንህበሉ።

ጸሓፊ ዘቕረበ ርእይቶ ካብ ሓቂ ዝረሓቐን ሓላፍነት ዝጎደሎን ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ሰም ኢሚግሬሽንን ዜግነትን ዘጸለመ ኮይኑ ኢና ረኺብናዮ።ምኽንያቱ ኢሚግሬሽንን ዜግነትን ዞባ ደቡብ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ ቤት ጽሕፈት የብሉን። ብምኳኑ ጸሓፊ ብዘይ ኣፍልጦ ንዘዞኦ ሓበሬታ ይቕረታ ክሓትት ይግባእ። በዚ ኣጋጣሚ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽንን ዜግነትን ዞባ ደቡብ ንህዝቢ ግቡእ ኣገልግሎት ይህብ ምህላዉ ድማ ክሕብረኩም ንፈቱ።

*ቤ/ጽ ኢሚግሬሽንን ዜግነትን ዞባ ደቡብ*

## ኣይፋሉን - ትሰርሕ'ባ ኣላ!

ብ31 ጥቅምቲ 2013 ኣብ ዝተሓትመት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ዓምዲ ደብዳቤታት ኣንበብቲ "እንታይ ኮይና ዘይትሰርሕ" ብዝብል ኣርእስቲ ንኩነታት ዕደላ ጋዝ ከተማ ደባርዋ ዝምልከት ርእይቶ ወጺኡ ኣሎ። ኣብቲ ብየማነ ይሕደጎ ዝተጻሕፈ ርእይቶ፡ ኣብ ደባርዋ ኣቕዲሙ ጋዝ ዘከፋፍል ዝነበረ ሰብ ስራሕ ድሕሪ ምቁራጹ፡ እቲ ትካል ግቡእ ኣገልግሎት ይህብ ከምዘየለ ተጠቒሱ'ሎ። ብወገና ኑቲ ርእይቶ እዚ ዝስዕብ ምላሽ ንህበሉ።

ከምቲ ዝተባህለ እቲ ኣቐዲሙ ጋዝ ዘከፋፍል ዝነበረ ስራሕ ምስ ኣቋረጸ ህዝቢ ንኸይሽገር ቤት ጽሕፈት ንኡስ ዞባ ደባርዋ ቁልጡፍ ጨረታ ብምውጻእ "ክሰርሕ ንኽእል ኢና" ንዝበሉ'ዩ ዕድል ሂቡ። ተጫረትቲ ምናልባት ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ክሳብ ዘውጽኡ ተደናጉዮም ክኾኑ ይኽእሉ። ብድሕሪኡ ግን ስራሕ ጀሚሮም ቀዳማይ ዕትሮ ኣከፋፊሎም፡ ንኻልኣይ ግዜ ዕትሮ ኣብ ምቕባል ደርከቡ። ስለዚ ዘውሃብ ርእይቶ ኣብ ባይታ ምስ ዘሎ ክውንነት ክሳኒ ይምረጽ።

*ቤ/ጽ ምም/ ንኡስ ዞባ ደባርዋ*

## ሓጎስና ምሉእ ምእንቲ ክኸውን

ብዙሓ ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ እትርከብ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሚዬመሓዘየ ክዘረብ። እዛ ቤት ትምህርቲ ብዝበራ ጸቡት ክፍልታት ተማሃሮኣ ኣገዩምየም ዝሽገሩ ነይሮም። ዚ ጸገም ንምፍታሕ፡ መንግስቲ ልዑል ባጀት ብምስላዕ ካልእ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ'ዩ ሰሪሑ። እታ ቀሓይቶ ብዝብል ሰም እትጽዋዕ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ድሮ ኣገልግሎት ክትህብ ጀሚራ'ኳ እንተኾነት፡ ገለ ዝተረፉ ነገር ግን ኣሎ።

ዝሓለፈ እዋን ብጉዳይ ናብታ ቤት ትምህርቲ ከይደ ከም እተዓዘብኩዎ፡ እቲ ባህ ዘብል ወቁብ ህንጻታት ናይታ ቤት ትምህርቲ ካንሽሎኡ ተሰሪሑ ከቢቅዕ ግና ማዕጾ ኣይተገበርን። ብተወሳኺ ሓዳስ ምስ ምኳና ግዲ ኮይኑ እኹላት መማህራን የብላን። ንኣተክልቲ ተባዘሉ ዝተኻዕተ ጉዳጉዲ'ውን ቀላሒታ ከድልዮ እዩ። ስለዚ ሓጎስና ምሉእ መታን ክኸውን እዚን ዝጠቐስኩወን ሕጽረታት ክማላኣ ክዝከኻኸር እፈቱ።

*ዐምሮጀ ኢድሪስ - ዓዲ ቐይሕ*

## ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ጸገም ይፈጥራ ኣለዋ

ኣብ ዝተፈላለያ ከባቢታት ኣስመራ ኣብ መንጎ መንበሪ ኣባይቲ ተኸፊተን ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ጋዝ ውሑዳት ኣይኮናን። ጋዝ ብባህርኡ ጠሊ ስለዘዙብር፡ ኣብ ልዕሊ መንደቕ ሃሲያ ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ኣለዎ። ካብቲ ጋዝ ዝወጽእ ሽታ ኣብ ልዕሊ ነበርቲ እቲ ከባቢ ዝፈጥሮ ዘይምቹእነት ብቐሊሉ ንሓደጋ ክቃላዕ ዝኽእል ምኳኑ'ውን ካልእ ጸገሙ'ዩ። ክንደዝኾነ ዕትሮታት ጋዝ ዘከፋፍል ትካል፡ እንተውሓደ ምስ ካልእ መንበሪ ገዛ ብጸላ መንደቕ ክራኸብ ተመሪጹ ኣይተገብረ። 

ይኹን እምበር ብዘይምፍላጥ ደዩስ ብዘይምስትውዓል እዘን ትካላት ምስ ኩሉ ጸገማተን ኣብ መንጎ ህዝቢ ስርሐን ክቕጽላ ይረኣያ። ዝፈጥሮኦ ጸገም ስለዘየለ ግን ኣይኮነን። ብዙሓት ዝፈጥረኦ ጸገምን ዘይምቹእነትን እዘን ትካላት ኣብ ዘለዎኦ ከባቢ ዝነብር ህዝቢ ኸናቱ ኣብኡ ከቐርብ ስለዝኽእል ድማ ብወከይ ሰም ትካል ክጠቕስ ኣይመረጽኩን። ኣብ መንጎ ሰብ ትካልን ተበዓልና ዝበሉ ነበርትን ሓሓሊፉ ዝረአ ምስሕሓብ'ውን ኣሎ።

ዝኾነ ህዝባዊ ትካል፡ ብመንጽር'ቲ ዝህቦ ኣገልግሎት ከማልኦ ዝግብኦ ረቛሒታት ከምዘሎ ይፍለጥ። በዚ መንጽር ሓደ ጋዝ ዝዕድል ትካል'ውን ናቱ መማዝኒታት ኣለዎ። ዝጠዝሕ እዋን ግን እዚ ጉዳይ ኣብ ግምት ዝኣቱ ኣይመስለንን። ብምኳኑ ብዙሓት ብጸላ መንደቕ ምስ መንበሪ ኣባይቲ ዝራኸባ ክፍልታት፡ ትካላት መዐደሊ ጋዝ ኮይነን ከገልግላ ይረኣያ። ስለዚ እዚ ጉዳይ ዕቱብ ጠመተ ክግበረሉ በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኽር።

*ሰምሰም ካብ ኣርባዕተ ኣስመራ*

## ተማሃሮ እተመላልስ ኣውቶቡስ ከመይ ክትከውን ኣለዋ?

ኣብ ኣስመራ ብርክት ዝበሉ ብሕታውያን ኣብያተ ትምህርቲ ንተማሃሮኦን ዘመላልሳ መካይን ከምድባ ይረኣያ። እዘን ኣውቶቡሳት ገለኤን ካብ ፈለማ ኑቲ ስራሕ ተባሂለን ዝተዳለዋ ክኾና ከለዋ፡ ገለኤን ድማ ብኸራይ ዝመጻ እየን። ብኡ መሰረት እተን ንኸምኡ ኣገልግሎት ተባሂለን ዝተዳለዋ ኣውቶቡሳት፡ ተማሃሮ ዘመላልሳ ምኳነን ዝገልጽ ጽሑፍ ኣለወን። እተን ናይ ክራይ ግን ከም ኣድላይነቱ ኣብ መንጎ ካልእ ስርሐን እየን ኣገልግሎት ዝህባ።

ኣብ ምምልላስ ተማሃሮ ዝተዋፈረት ኣውቶቡስ ከምኡ ዓይነት ኣገልግሎት ከምእትህብ ዝገልጽ ጽሑፍ ክህልዋ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ በዘን ኣውቶቡሳት ዝመላለሱ ተማሃሮ ንኣሽቱ ብምኳኖም ድሕነቶም ምርግጋጽ ልዕሊ ኹሉ ዝሰራዕ'ዩ። ብሓፈሻ ኣብ ምንቅስቓስ ትራፊክ ድሕነት ተሳፈርቲ ምሕላው ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ብፍላይ እቲ "ኣውቶቡስ ቤት ትምህርቲ" (ስኩል ባስ) ዝብል ጽሑፍ ግን በጺሉ ተሸከርካሪ ዝያዳ ጥንቃቐ ክገብር ዝሕግዝ'ዩ።

ገለ ካብዞን ብኸራይ ኣብ ምምልላስ ተማሃሮ ዝተዋፈራ ሚኒባሳት፡ ብወረቐት ዝተጻሕፈ ሓበሬታ ዝግበረለን'ኳ እንተኾና፡ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ግን ምስ ወረቐተን ካብ ከተማ ወጺኤ ኣገልግሎት ክህባ ይረኣያ። ንኣብነት ንግሆ ተማሃሮ ድሕሪ ምብጻሕ ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ዝኣክል መንደፈራ ህዝቢ ኣብጺሐን ይምለሳ። እዚ ምናልባት ምስ ሕጽረት መካይን ዝገበርኦ እንተኾነ ብዘይካ'ቲ ዝፈጥሮ ምድንጋር ዘተኣማምን'ውን ኣይመስለንን።

ንምኳኑ ተማሃሮ ኣብ ምምልላስ ዝዋፈራ ኣውቶቡሳት ክማልኦኦ ዝግብአን ረቛሒ ኣሎዶ? ወይስ ዝኾነት መኪና ኣብቲ ስራሕ ክትኣቱ ትኽእል'ያ? እተን ካብ ፈለማ ንኸምኡ ተባሂለን ዝተሰርሓ ኣውቶቡሳት ካብተን ካልኦት ፍልይ ዝበለ ምኳነን ግን ይፍለጥ። እተን ብኸራይ ተማሃሮ ናይ ምምልላስ ኣገልግሎት ዝህባ ሚኒባሳትከ ብዘውሓደ ከማልኣኦ ዝግብአን መማዝኒ እንታይ'ዩ? ካልእ እንተተረፈ ጽሑፍ ክግበረለንዶ ኣይግባእን?

*ወዲ መማህር ካብ ኣስመራ*

## ሓበሬታ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ካብ እትልእኩዎ ደብዳቤታት ብዙሮኻእለ መጠኑ ኑቲ ንሓፋሽ ዝጥቅም መልእኽቲ ዝሓዘለ ዝበልናዮን ንጹር ኣድራሻ ዘለዎን ደብዳቤታት ከም ኣመጻጽኦኡን ኣገዳስነቱን ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ - ሰኑይን ሓሙስን - ንሕትመት ኑብቅዖ ኣሎና። እዛ ዓምዲ'ዚኣ ብቐንዱ ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ ብምኳና ብዘይ ሰታፈኹም ክትምዕበል ከምዘይትኽእል ርዱእ'ዩ እሞ፡ ደብዳቤኩም ናብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ዓምዲ ደብዳቤታት ኣንበብቲ፡ ቁጽሪ ሳንዱቕ በሰጣ 247 - ኣስመራ ኢልኩም እንተድኣ ልኢኽኩምልና ክበጽሓና'ዩ። ብተወሳኺ፡ ናይ ብርዒ ስም ናይ ምጥቃም ማሰልኩም ሕሉው ኮይኑ፡ ምሳና ዝተርፍ ሓቀኛ ስምኩምን ኣድራሻኹምን ቁጽሪ ተሌፎንኩምን ክትልእኩልና ንሕብር። ንጹር ኣድራሻን ቁጽሪ ተሌፎንን ዘይብሉ ደብዳቤ ንሕትመት ክበቅዕ ከምዘይክእል ከኣ ብትሕትና ነፍልጥ።

*ኣዳላዊ ዓምዲ*

## እንታይ'ዩ እቲ ጸገም?

መንግስቲ ኣብ ዝተፈላለያ ትካላትን ሚኒስትሪታትን ሃገራዊ ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ንዝርከቡ መንእሰያት ቁጠባዊ ደገፍ ከምዝገብር ይፍለጥ። በዚ መሰረት ዝጠዝሓ ትካላት ንኣባላተን እንተውሓደ ሓንሳብ ንዋታዊ ደገፍ ገይረን ኣለዋ። እዚ ብመልክዕ እኽልን ካልእ ኣስቤዛን ዝወሃብ መንግስታዊ ደገፍ፡ ኣብ ምቅላል ቁጠባዊ ጸገም ስድራ ቤታት ዘለዎ ኣበርክቶ ድማ ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ከኣ መንግስቲ ክምስገን ይግባእ።

ይኹን እምበር፡ ዚ ዕድል ዛጊት ዘይረኸብናሉ ኣለና። እንታይ'ዩ እቲ ጸገም? ገለኡ ሓንሳብ ከይረኸበ ኣብ ካልኦት ትካላት ካልኣይ ዙርያ ዕደላ ከምእተጀመረ ይሰማዕ። ከምዝመስለኒ፡ ብወገን መንግስቲ ጸገም ኣሎ ኣይንብልን። ምኽንያቱ ሓደ እናወሰደ እቲ ካልእ ክተርፍ ዘይሕሰብ'ዩ። ስለዚ እዚ ንኹሉ ብማዕረ ዝምልከት ክሳብ ዘሎ፡ ዝምልከቶ ኣካል ቀላሒታ ክገብረሉ ዘኻኽር።

*ካብ ዓጋ - ቤት ትምህርቲ ጋሕቴላይ*

*ተመሃሪ ደብዳቤ ቦኽሪ ካብ ኣቑርደት*




# ፈዳዩ ሕነ

ደራሲ፡ ኣንቶን ቸኾሆቭ
ተርጓሚ፡ ኣማረ ወልደሰላሰ

ፍዮዶር ፍዮዶሮቪች ሲጋኣቭ፡ በዓልቲ እንዳኡ ቃል ኪዳና ኣፍረሳ፡ ምስ ካልእ ሰብ ርክብ ከም ዝጀመረት ተሓበረ። ሓቅነቱ ምስ ኣረጋገጸ ድማ፡ ኣመና ሓረቐ። በዚ፡ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ምስ ኑብሱ ተማኸረ።

ድሕሪኡ፡ ኑቲ ዝወሰኖ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ኣብ ሸሚክን መሻርኽቱን ዝተባህለ ትካል ተረኽበ። እቲ ትካል ሸጓጉጥን ካልኦት ተባራዕቲን ብምሻጥ ዝፍለጥ'ዩ። ንሱ፡ ኣብቲ ተደላዩ ሰፍራ ምስ በጽሐ ሸጓጉጥ ኣብ ምምራጽ ኣተወ።

ፍዮዶር ፍዮዶሮቪች ጽቡቕ ከም ዘይተሰመየ ኣብ ገጹ ዝተጻሕፈ መግለጺ መስከረ። ኣብ ግንባሩ ብዙሕ ሕማቕ ነገር ተነበበ። ዝተመልከቶ ዘበለ፡ ሕሉፍ ሕርቃን፡ ቃንዛ፡ ዘይጠሓሰ ውሳነን ሕነ ምፍዳይን፡ ዘመሓላልፍ ውቃበ ተሰኪሙ ይጉዓዝ ከም ዘሎ ኣይሰሓተን።

"እንታይ ክገብር ከም ዘለኒ ኣይጠፍኣኒን!" ምስ ኑብሱ ምስ ተማኸረ፡ ነዚ ሓሳብ ኣበላልዩ። ኑቲ ዝጀመሮ ሓሳብ ድማ ክሳዕ መፈጸምታኡ ምእንቲ ክበጽሖ ንኣእምሮኡ እናንበበ ተዛረበ።

"እወንታዊ ባህሊ ወለዲ ተረጊጹ፡ ኩብሪ ተሸንዲሑ፡ እከይ ግብሪ ከዓ ተዓዊቱ! ኣብ ከምዚ ዝመሰለ ኣጋጣሚ እንታይ ክገብር ከም ዘለኒ ኣይጠፍኣኒን!" እናስተንፈሰ ንሓሳቡ ኣውሓዞ ፍዮዶር።

"ኣነ ከም መጠን ክቡር ዜጋን በዓል ዝናን ኩብረይ እናተጣሕሰ ትም ኢለ ክዕዙብ ኣይግባእንን። ብዘይጥርጥር ከኣ፡ ነዚ ኣብ ልዕለይ ዝተፈጸመ በደል፡ ግብረ መልሲ ክህበሉ ኣለኒ። ብሓጺሩ ሕነይ ክፈዲ'የ። ብቐሊዕ ኣዘራርባ ንኽልተኦም ኣቃቢጸ ንነብሰይ ከጥፍኣ'የ። ኣኸለ!" በለ።

ፍዮዶር ፍዮዶሮቪች ሲጋኣቭ፡ ነዚ እንክውጥን፡ ሕነ ዝፈድየሉ ሸጉጥ ከመይ ዓይነት ክኾውን ከም ዘለዎ ገና ኣይወሰነን። እንተኾነ፡ ብዙሕ ነገር ኣብ ኣእምሮኡ ውትፍ እናበለ ተሳእሎ።

ቃታ ሰሒቡ ዘየንጻጸረን ዘይተኩሰን ክንሱ፡ ድሮ ብደም ዝተጨማለቑ ሰለስተ ሰባት ኣብ ቅድሚኡ ተሳእሉ። ብጥይት ዝተበስዐ ሽክና ርእሲ፡ ኣብ ጽርግያ ዘውሕዝ ዝተበታተኸ ሓንጎል፡ ኣብቲ ከባቢ ዝፍጠር ዋጭዋጭን ድሕረ-ሞት ዝግበር መርመራን ተራእዩ።

ነዚ እንክሓስብ፡ ወላ'ኳ ኣብ ልዕለኡ በደል ከም ዝተፈጸመን ባዕሉ'ውን ግዳይ ከም ዝኾውን ይፍለጦ እንተሎ፡ ሓጉስ ተሰመዮ። ዘመድ ኣዝማድ ብዓቢኡ ኸኣ፡ ቃንዛ እቶም ጠላማት ከምኡ'ውን ስምዒት ሕብረተ-ሰብ እንታይ ከም ዝመስል እናገመተ ኣብ ቅድሚ በዓል ድኳን ተዓጊዱ ሓሰበ።

እቲ በዓል ድኳን፡ ፈረንሳዊ ስምዒት ዝተላበሰን እናተብርሀ ዝዛረብን ዝንቀሳቐስን ሰብ'ዩ። ንሱ ብኮቡብ ኩብዱን ብዝወድያ ሳርያኑን ዝልለ'ዩ። እናኽመስመሰን ብኣጻብዕቲ ነኣሽቱ ኣእጋሩ እናሓኸኸን ድማ ክዛረብ ጀመረ።

"ኣነ ክመኽረካ እንተኾይኑ፡ ነዚ ብሉጽ ሸጉጥ ዓድግ ምበልኩኻ። እዚ ስሚዝን ዌሰንን ብዝብል ሲያመ ዝፍለጥ ዓይነት'ዩ። እብለካ ኣለኹ፡ ብመሰረት ስነፍልጠት ተባራዕቲ፡ ካብ ዓይነታት ብረት ነዚ ዝዳረግ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን።" በዓል ድኳን እናስተንፈሰ ዘረባኡ ካብ ምውሓዝ ዓዲ ኣይወዓለን።

"ስምዓኒ፡ ኣጸቢቕካ ስምዓኒ ክቡረይ። እዚ ብረት'ዚ ሰለስተ ብልጫታት ኣለዎ። ፈለማ፡ ብቐልጡፍ ዝተፍእ ኣፈ-ሙዝ ይውንን። ቀጺሉ ኸኣ፡ ሸዱሽተ ሚእቲ ስጉሚ ርሒቑ ንዝርከብ ዒላማ ይሃርም። ኣብ መወዳእታ ኸኣ ብቐሊሉ እተነጻጽረሉ ኣካል ኣለዎ።" በዓል ድኳን፡ ግብረ መልሲ ሰማዒኡ እንታይ ከም ዝኾውን ከይገመተ ትም ኢሉ ተዛረበ።

"ኣስተብህል! እዚ ብረት'ዚ ሕሉፍ ብዝኾነ መገዲ ዕማሙ ከም ዝዛዝም ኣጸቢቕካ መርምሮ። እብለካ ኣለኹ፡ እዚ ብረት'ዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ንኹሉም ሰብ ሰርሓም ነገራት በሊጹ ዝርከብ ዓይነት'ዩ። ኣብ ኑብሲ ወከፍ መዓልቲ ማእለያ ዘይብሉ ስሚዝን ወሶንን ኢና ንሸይጥ። ዓማዊልና ኸኣ ዝተፈላለዩ'ዮም። ዘመትቲ፡ ተኻሉ፡ ፍቕሩራት፡ ኮታ ብዙሕ ምጥቃስ ይከኣል'ዩ። ኣይትጠራጠር ክቡረይ፡ ኣብ ርሑቕ ጠጠው ኢልካ ብምንጽጻር ክትቀትለሉ እትኽእል ብረት ንሱ ጥራይ'ዩ። ንሰበይቲን ብስርቂ ዝተጸገዐ ፈታዊኣን ብሓንቲ ጥይት ከቃብጽ ዝኽእል ስሚዝን ዌሰንን'ዩ። ኑብሰ ቅትለት ክፍጽም ንዝደሊ ሰብ'ኳ፡ ካልእ ካብዚ ዝበለጸ ዓይነት ኣሎ ኢለ ኣይግምትን'የ።"

እቲ በዓል ድኳን፡ ንሓደ ስሚዝን ዌሰንን ዝዓይነቱ ሸጉጥ ኣልዒሉ፡ ሎጊሙን ፈቲሑን ኣጭነዎ። ቀኑብ ጸኒሑ ኸኣ፡ እናተሓጉሰ ናብ ሓደ ቦታ ኣቕኒዑ ኣነጻጸሮ። ንኹሉ ነገር ከኣ፡ ህርፋኑ ብዝዘወሮ መገዲ ፈጸሞ።

"ሕራይ ዋጋ እዚ ብረትዚ ክንደይ'ዩ?" ሓተተ ሲጋኣቭ።

"ኣርበዓን ሓሙሽተን'ዩ ክቡረይ።"

"እእእእ! ኣመና ክቢሩ፡ ኣየዋጽኣንን"

"ከምኡ እትብል እንተኾንካ ንክቡርነትካ ካልእ ኣማራጺ ክነግሮ። ኣዝዩ ሕሱር ብረት'ውን እኮ ኣለና'ዩ። ተመልከት፡ ኣጸቢቕካ ተመልከት። ዝደለኻዮ ሸጉጥ ከኣ ምረጽ። ብዙሕ ዓይነት ኣማራጺ ኣለካ። ዝተፈላለየ ዋጋ'ውን እንሆ። ንኣብነት፡ ነዚ እሞ ርኣዮ፡ እዚ ሸጉጥ'ዚ ለፋቸር'ዩ ዝበሃል። እዚ ዋጋኡ ኣመና ሕሱር'ዩ። ክነግረካ፡ ዓሰርተ ሸሞንተ ሩብል ጥራይ ኢና ንሸጦ። ግን፡ ስማዕ'ሞ ክቡረይ፡ እዚ ዓይነት ሸጉጥ'ዚ ዘመኑ ዝሓለፈ'ዩ።" በዓል ድኳን ነዚ ሓሳብ'ዚ እንከቕርብ ኣብ ገጹ ናይ ምስትንዓቕ መግለጺ ተነበበ። ኣይደንገየን ከኣ፡ ቀኑብ ኣስተንፈሱ ኑቲ ዝጀመሮ ዘረባ ኣውሓዞ።

"ስምዓኒ ክቡረይ፡ እዚ ዓይነት ሸጉጥ'ዚ ግዜኡ ዝሕለፈ'ዩ። እዚ ዓይነት ብረት፡ ጭንቀት ብዘጥቀዐን ኣንስቲን ዝተመዛበለ ኣእምሮ ዘውንኑ ሰባትን'ዩ ዝሕረ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ኑብሰ ቅትለት ንምፍጻም ወይ ድማ ንሰበይቱ ከቃብጻ ዝደሊ ሰብ ለፋውቸር ንዝበሃል ብረት እንተጠቒሙ ከም ድሑር'ዩ ዝሕሰብ። እመን ኪሓድ፡ ፍቶ ጽላእ፡ ኣብዚ ዘመንና ዘለዓለ ጠለብ ዝረክብ ዘሎ እዚ ስሚዝን-ወሶን'ዩ እናበልኩ ብተደጋጋሚ ዝሕበረካ ዘለኹ ዓይነት ብረት'ዩ።"

"ስማዕ፡ ኣነ ንነብሰይ ክቐትል ዝተበገስኩ ሰብ ኣይኮንኩን። ንኻልእ ሰብ ከቃብጽ'ውን መደብ የብለይን። ኣነ ሸጉጥ ክዕድግ ደልየ ዘለኹ፡ ኣብ ከባቢና ሰረቕቲ ገርጊሮም ስለ ዘለዉ፡ ንየኦም ከፈራርሖሉ ስለ ዝደለኹ'የ።" ሲጋኣቭ ክሕሱ ተገደደ።

"ንሱስ፡ ንዓና ዝምልከት ኣይኮነን። ንሕና ንምንታይ ትጥቀመሉ ምፍላጥ ኣየድልየናን'ዩ።" እናኽመስመሰን ተገዳስነት ብዘጕደሎን መገዲ ክሳዱ ሰበር ኣቢሉ ምስ ደነነ ድማ ኑቲ ዝጀመሮ ዘረባ ክምልእ፡ ንልሳኑ ንዳግማይ ግዜኡ ኣሰርሖ።

"ርኢኻ፡ ብረት ስለምንታይ ትገዝእ ኣለኻ? ዕላማኻ እንታይ'ዩ? እናበልና እንሓትት እንተኾንና፡ ነዚ ትካል ምዓጸናዮ። ስለምንታይሲ፡ ዘይድለዩ ነገራት ንኽንፍጽሙ ድጋፍና ንገልጽ ኣለና ማለት ስለዝኾነ። ብዝኾነ ክቡረይ ሰረቕቲ ንምፍርራሕ፡ ለፋውቸር ተመራጺ ኣይኮነን። ስለምንታይ? እቲ ምኽንያት ፍሉጥ'ዩ። ድምጺ ለፋውቸር ድኹም'ዩ። ብሓጺሩ፡ እዚ ብረት'ዚ ሃሳስን ዓባስን ድምጺ'ዩ ዘለዎ። ጉይታ፡ ምስማዕ ደኣ ኣቢኻኒ እምበር ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ነዚ ትብሎ ዘለኻ ዝበቅዕ ሞርቲመር ዝተባህለ ኣብ ፍልምያ ዝጥለብ ዓይነት ሸጉጥ'ዩ።" በዓል ድኳን ነዚ ምስተዛረበ፡ መልሲ ክረክብ ብዙሕ ተጸበየ።

ፍዮዶር ፍዮዶሮቪች ሲጋኣቭ ኣብ ክንዲ ዝምልስ፡ ነታ ፍልምያ እትብል ቃል ብዘሰምዐ፡ ኣብ ኣእምሮኡ ዝኣተወ ሓዲሽ ክስተት ከሰላስል ዝን በለ። ምስ ኑብሱ ኸኣ ተማኸረ።

"ነዚ ሰብዚ፡ ምሳይ ንኽፋለምዶ ክዕድሞ?" ነዚኣ መመለሲኡ ኣበላልዓ። ኣይደንገየን ከኣ፡ መድምደምታ ገበረላ።

"ያእ! ንፍልምያ ምዕዳም ክኽበር ንዘይግበኦ ኩብሪ ምሃብ'ዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ሰብ ዝኾነ ዓይነት ኩብሪ ክልገሰሉ ኣይግባእን'ዩ። እዚኮ እንስሳ'ዩ። እንስሳ ኸኣ ከም ከልቢ ክግተት ጥራይ'ዩ ዘለዎ። እዚ ዳግመ ግምት ዘይወሃቦ ውሳነ'ዩ።"

ወናኒ ድኳን፡ ቡተን ንኣሽቱ ኣእጋሩ ካብን ናብን ተመላለሰ። ከም ወትሩ ኸኣ፡ ውቃበኡ ብክምስታ ተመልአ። ኣዘራርባኡ'ውን ማራኺን ኣእማኒን ኮነ። ማእለያ ዘይብሎም ዓይነታት ሸጓጉጥ ተማሊኡ ብምምጻእ ኣብ ቅድሚ ፍዮዶር ፍዮዶሮቪች ሲጋኣቭ ኣቕረበ።

ኣብቶም ዝቐረቡም ኩምራ ብረታት ከምቲ ንሱ ብተደጋጋሚ ዝበሎ፡ ንስሚዝ ወሶን ዝዳረግ ወላ ሓደ ኣይነበረን። ትርኢት እዚ ብረት'ዚ ኣመና ሰሓቢ'ዩ። ዝተመልከቶ ሰብ ዘበለ ንኽዕድጎ ይወናወን'ዩ።

ድሕሪ ብዙሕ ትዕዝብቲ ፍዮዶር ፍዮዶሮቪች ሲጋኣቭ ወሰነ። ብመሰረት ውሳነኡ ድማ፡ ኣብተን ኣብ ቅድሚኡ ዝተኾመራ ሸጓጉጥ ነታ ስሚዝ-ወሰን ዝዓይነታ ሸጉጥ መረጸ። ኣይደንገየን ከኣ፡ ንሓንቲ ካብተን ሸጓጉጥ ኣልዒሉ ኣብ ኢዱ ኣእተዋ።

ፍዮዶር ፍዮዶሮቪች ሲጋኣቭ፡ ነታ ስሚዝ-ወሰን ዝዓይነታ ሸጉጥ ምስ ሓዘ ፈለማ ብሰምዒት ጠመታ። ድሕሪኡ ኸኣ፡ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ንምውሳን፡ ንዳግማይ ግዜኡ ብዕምቆት ክሓስብ ጀመረ። ኣይደንገየን ከኣ፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ዝወሰኖ ሰለስተ ህይወት ናይ ምጥፋእ ውሳነ መርመሮ።

ፈለማ፡ ኣብ ርእሶም ሃሪሙ ሓንጎሎም ክፈስስ ከሎ ተራእዮ። እናጸሐ ኸኣ፡ ደሞም ኣብቲ ብእንጸይቲ ዝመልከዐ ምድሪ ቤት ክከዓው ከሎ ተሳእሎ። ኣብ መወዳእታ፡ ኣእጋር እታ ኩዳዕ ሰበይቱ ከንፈጥፍጥ ከሎ ብሓሳቡ ተቐጀሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ በዓልቲ እንዳኡ ኣብቲ ህሞት-ቅባጸት እተሕልፎ ቃንዛ ተሰምዖ። ኑቲ ዝከዓው ደም፡ ኑቲ ዝፍጠር ስንባደ፡ ኑቲ ዝስዕብ ውጫጨ'ውን ሓሰቦ። ንኹሉ ኸኣ ኣብ ኣእምሮኡ ኣእቲዩ እናደጋገመ መዘኖ።

እንተኾነ፡ እቲ ሚዛን ክሳዕ ሽዑ ክፍጽሞ ንዝሓሰቦ ስጉምቲ ዳግመ ግምት ንኽገብረሉ ዝደፍእ ሃዋህው ፈጠረ። እዚ ኸኣ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። ገለ ክፉል ካብቲ ስጉምቲ ኑቲ ኣብቲ ጉሁይ መንፈሱ ዝተፈጥረ ሃንፍ መሊኡ ከዕግቦ ኣይከኣለን።

በዚ ምኽንያት ሓዲሽን ናይ መወዳእታ ውሳነን ሓንጸጸ። ኑቲ ውሳነኡ ኣብ ተግባር ቅድሚ ምውዓሉ ድማ ምስ ኑብሱ ተማኸረ።

"ሕጂ ንነብሰይን ንዑኡን ክቐትል ከም ዝግበኣኒ ተረዲኡኒ። ንዓኣ ግን ክሓድጋ'የ። ንሳ፡ ሕልናኣን ከባቢኣን ብዘውርደላ ኮነኔ እናተቐንዘወት ትንበር! ነዚም ከምኣ ዓይነት ንጡፍ ስምዒት ዘለዎም ሰባት፡ ልዕሊ ሞት ዘሳቕዮም መቕጻዕቲ ብህይወት ምንባር'ዩ።" ደምደመ።

# መማቕርቲ

ሳሙኤል ገ/ብርሃን

## ‘…እዚኣ ደኣ ከይበሰለት ብሰልቲ እንድያ!…”

ኣብ ዓምዲ መማቕርቲ ‘ደቂተባዕትዮ ደየም ደቀንስትዮ እየን ዝያዳ ሓሽሹቲ?’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ኣብ ንኡስ ዓምዲ ከኣብሰላ ዶ ቀሪቡ ነይሩ። እዚ መካትዒ ኣበዮናይ ክሊ ዕድመ ንዘለዉ ከየጸረ ብምቕራቡ ኣሻማዊ ይገብሮ። እቲ ኩይኑ እቲ ግን ምሕሻሽ ዝያዳ ኣብ ደቂተባዕትዮ ከምዝርኣየ ዝኣምኑ፡ ‘ዝሓዝካ ሒዝካ ናብ ቤት ማስተ ኣርክብ! ዝሓዝካ ሒዝካ ናብ ኣብያተ ቀርሲ፡ ካፌን ቤት ብልዕን ኣርክብ! ናብ ቤት ጸሚቕ ኣርክብ’ ዝጭርሑ'ም ኣደኦም ትቖጽሮም ኢልካ ክትሓልፍ እትመርጸሉ ግዜያት ውሑድ ኣይኮነን። ብሕማም ምሕሻሽ ተጠቒዖም ኣብ ጉዳዮም ዝምድኾም ከይኣኽሉም፡ ኣብ ኣብያተ ቀርሲ ዘሎ ፋል ማሳለሒ ፍረታት፡ ሓጸር ስልሲ ዘዋግሙ፡ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ፋታ እንተዘይፈትፈቱ ዝሓሙ፡ ‘ጉዕ ብዚወድ’ ኣምጺኦልና’ እናበሉ ኣብያተ ቁርሲ ዘንጠቕጥቑ ኣብያተ ይኽእላ ከምዝለዉ ሹሓኒታት ቀርሲ ምስክርነተን ክህባ እየን። መብልዒ እንጌራታት፡ ቢያቲታት ናይ ኣብያተ መግቢ ንሕማም ምሕሻሽ ዝተጠቕዑ ኣለልያ እንተዝበዝሓ - ቀስተን ናብ ደቂተባዕትዮ መመልከታ። ‘ናይ ጥዕና መናዝርያ’ ዝብል ቅጽል ስም ብምጥማቕ፡ ኣብ መዓልቲ ክሳብ ኣርባዕተ ግዜ ናብ ቤት ጸሚቕ ዝመላለሱ፡ ካብ ፓፓዮ ናብ ዘይቱን ሰብረስ ‘ኣይሰክረም ዘሎታ፡ ጃንጥ ግበርያ’ እናበሉ ዝሓዝዎ ዘረማሽሱን ዝሕሽሹን መን'የም እንተኢልና ዝበዝሑ ደቂ ተባዕትዮ'የም። ካፕሪ ትማስክር! እንዳ ሚልኪያስ ትማስክር!

ቑልዑ ሰበይቲ ደፊናም፡ ባራት ከም መኾረዩን መዕቊበን ብምውሳድ ቀሉብ ባራት ዝሽሑ ብዙሓት'የም። ቀትሪ ምእካል ኣብዩምም፡ ነጊስየምን ንወለዶምን ዘሕረቑ ማሰልዎም (ኣላፋቻ ዝሽዱ) ለይታዊ ትልሂት ኣብ ዞስስያ ክለባት ምስ በራ፡ ኣረቂ ጂን ዊስኪ፡ ክጨማለቑን ትፋኦም ክደጉሑን ዝርእያ እተን ዘዕቆባኦም ባራት'የን። ከምዚ ክብል እንከለኹ ግን፡ ካብ ካፌ ናብ ካፌ እናተናጠራ ፓስተ ዝሕይኻ፡ ካፒቹኖ፡ ሻሂ ከጻርራ ዝውዕላ ደቀንስትዮ ኣሓትና ከምዝለዋ ኣይረሳዕኩን። ብፍላይ ኣብ ዕድመ 30ታት ዝርከባ ደቀንስትዮ ‘ፒሳ ኣፍራሽና በዞ ዓይነይ ክትወጽእ ደልያ’ እናበላ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፒሳን ፓኒኖን ክየጽዳ ዝረኣየ፡ ገዝዘበን ኣብ ፒሳን ፓስተን ዘውዕላ ኣሕዋትና ኣሪዮን ኣይኮንኩን። ብሓፈሻ ግን ምሕሻሽ ካብ ደቂተባዕትዮ ኣይሕለፍ በዛላይ'የ…ክምጥም'የ ዝበለ ሃዋ ይግጠም…ቀለም ብርዑ የፈልፍል። ወድሓንኩም።

ከኣብሰላ ደ!

ፍናን መሓሪ

## ጥቕሲ ብዛዕባ ለውጢ

“ሰባት፡ ግዜ ንነገራት ከም ዝቕይር ገይሮም ይዛረቡ። ነገራት ግን ብዋዜ ዘይኮኑ፡ ባዕልኻ ኢኻ ክትቕይሮም ዘሎካ”

ኣንዲ ዋርሆል

“ህይወተይ፡ ባዕለይ እንተዘይኮይኑ ካልእ ዝቕይረለይ የለን”

ካሮል በርኔት

“ነገራት ኣይቅየሩን'የም፡ ንሕና ኢና እንቕየር”

ሀንሪ ዳቪድ

“ሓይሊ ዘይብሎ ድሌት ኢዩ ዝልወጥ”

ጀምስ ጎርደን

“እናዓበና ክንከይድ ከለና ንልወጥ ዘይኮንና፡ ንኡብሰና ኢና ዝያዳ እንፈልጣ”

ልይን ሃል

“ህይወትና ከም ኣተሓሳስባና'ያ”

ማርከስ ኣረለስ ኣንቶኒወስ

“ኣተሓሳስባኻ እንተቐይርካዮ፡ ንዓለም'ውን ክትልውጥ ትኽእል ኢኻ”

ኖርማን ቪንሰንት

## ካብ ብዚሉት

* ዘቕብጥበጠ ከብዲ….. ማዓር ይልምን….. ስጋ ይኣቢ
* ዘይ ኣቦኡ ዝደፍር…..ነቦኡ ይጽርፍ
* ዝሽርምን ዘይሽርምን…ኩሉ ማይ'ሉ ይልምን
* ዘልቕሰሉ ዘይብሉ …ኣልቃሱ ሞት ባዕሉ
* ዝዘኩኻ ኣኮማሽዕ…..ዝዘበረልካ ኣይትረስዕ
* ዝሞተ እንተሞተ….. ዘሎና ንዛተ

ሄርሞን ሓጎስ

## ምኽሪ ንኡብ ሓዳር

ሓዳር ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ዝህሉ ሕብረት'ዩ። እዚ ኸኣ ክልቲኦም መጻምድቲ ንሓድሕዶም ዘይነጻጸል መሰላት፡ ሓላፍነታት፡ ትዕድልትን ምክልኻልን ከምዝለዎም ዘመልክት'ዩ። ሰብኣይ ንሰበይቱ፡ ሰበይቲ ንሰብኣያ ክከላኸሉን ክተሓላለዩን ግዴታ'ዩ። መፍትሕ ሕጉስ ሓዳር ክልተ ነገራት'የን። እታ ቀዳመይቲ ፍቕሪ ክትከውን እንከላ፡ እታ ካልኣይቲ ድማ ተረዳኣይ ወይ መስተውዓላይ ኣእምሮ (sensible soul) ምህላው'ያ። እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብቶም ሓዳር ኣብ ምምሕያሽ ዝሕግዙ ነጥብታት'ዮም፤

* ቅንዕና ህያብ ፈጣሪ'ዩ - ስለዚ ምስ መጻምድኻ 100% ቅኑዕ ኩን
* መጻምድኻ ኣኽብር (respect) - ዕላማኡ/ኣ ንምዕዋት ደገፍካ ምሃብ
* ፍቕርኻ ብዝሓየለ ምቕጻል
* ይቕሬታ ምሃብ ጽቡቕ'ዩ - ስለዚ ይቕረ ንምባል ፍቓደኛ ኩን
* ኣብ ንሓድሕድካ ለዋህ ወይ ሓላል ኩን
* ሓሳባትካን፡ ዘሕጉስን ዘሕዝንን ኣጋጣሚታትካን ንመጻምድኻ ምክፋል
* ግዜ ፈሊኻ ራኢኻን ዕላማኻን ምንጻር
* ፍቕሪ፡ እምነትን ሓጎስን ብቐጻሊ ኣብ ቤትካ ከምዝህሉ ምግባር
* ጉዳያትካ ንምፍታሕ ኣድማዕቲ ሜላታት ምጥቃም
* ምሕዝነት ደገፍ ስለዝህብ ንመጻምድኻ ጽቡቕ ዓርኪ ኩን
* መጻምድኻ ኣብ ሕማቕ ኩነት ወይ ሓሪቑ ከሎ ምስኡ/ኣ ኣይትቀጣዕ
* ኩሉ ግዜ ሰምዒት መጻምድኻ ክትርዳእ ፈትን።

ን ከ ከ

ናይ ብርዒ ስሞይ ቤቲ እብዛል። ዕድመይ ኣብ 20ታት ዝርከብ ኮይኑ፡ ሕብረይ ቀያሕ፡ ቁመተይ ማእከለይቲ፡ ቅርጺ ኣካላተይ ጸቡቕ፡ መንእሰያዊ ዕድመይ ንመንገዲ ዓወት ለይትን መዓልትን ክጥቀመሉ ይጽዕር። ቀንዲ ዘዘውትርም ንጥፈታት፡ ስፖርት፡ ሓደሽ ምህዞታት ምድህሳሱ፡ መዚቃ ምስትምቓርን ምንባብን'የም። ከምዚ ናተይ ደሊት ዘለዎ/ዋ ሰብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ bb_nice191993td@gmail.com ክሳለዪ ይኽእል። ጸቡቕ ሌሉ።

## ግጥሚ መማቕርቲ

ገብረ ‘ምስክር’
ብመለኪያ ኣልኮል ሓሳኹኡ ዝጥብር
ፈቐዶ ባራት ዝውዕል ክነጥር
‘ተተወጢጡ ሱቕ ኢሉ ዝምስክር
ንኸብዱ'ምበር ንማዕተቡ ዘይነብር።
ገብረ ኩብድን ሕቑን ምስ ሓቂ
ሰኽኽ ዘይብል ንሓሶት ንስርቂ
እናሓደረ ዝፈኩስ ከም ስንቂ
ከየስተውዓለ…
ናብ እንዳ ሕጊ ኣምሪሑ ጨሊጡ ኣረቂ
ኣብ ቅድሚ ደያኑ ደው ኢሉ
ብሓሶት ከይምስክር ምሕጽንታ ቀሪብሉ
ኣብ ቅድስ መጽሓፍ ምሒሉ
ገብረ ሕልና ኣልቦ ሕላገቱ ኣሉ።
ምስ ተሓተ ብሓቅነት ክህብ መልሲ
እናጠመተ…
ሓንሳብ ናብ ባይታ ሓንሳብ ናብ ናሕሲ
ብሓሶት መሬት ከላግብ ጀሚሩ በብዕሲ
ገብረ ዘፍጣጥ ኩብዲ መለሲ!
‘በኸሊ ወሊዳ ዝዓይነቱ ምስ መስከረ
ደያኑ ሰተት ኣየበልዎን
ብኣረቂ ተጠቢሩ ክምስክር ምስ መጸአ
ኣፍለጥዎ ከም ዝወሓጠ መላጸ!
ንገብረ…ኣየ ገብረ

ኣባጎዳን -ኣስመራ

## ዋዛ መማቕርቲ

“ዚ ሓሊፈና ንኻልኣይ ግዜ ክዘርሞ ደልየ ኣለኹ፡፤”
“ቅድሚ ሕጂ ሃሪምካዮ ኔርካ ዲኻ?”
“ቅድሚ ሕጂውን ክዘርም ጥራይ ደልየ ነይረ።

***

“ተፍቅሪ ዲኻ ፈልሞን?”
“እወ የፍቅሪ።”
“ኣብ ክንዳይ ምሞትካዶ?”
“ናተይ ኣብ ሞት ዘብጽሕ ፍቕሪ'ዩ፡፤”

ኣፈወርቂ ጉብረሂወት
ካብ ሕቡራት መንግስታት
ኣመሪካ

# ስፖርት

የናታን ገብርሂወት
yogh@zena.gov.er

## ፊፋ ዝበለጸ መርመራ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ክጥቀም?

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም ንቕምሶ ደምን ሽንትን ናይቶም ኣብ ዋንጫ ዓለም 2014 ዝሳተፉ ተጻወትቲ ንምምርማር ኣብ ስዊዘርላንድ ዝርከብ ምዕቡል ላቦራቶሪ ክጥቀም ምዃኑ ኣፍሊጡ። ንዋንጫ ዓለም ከተኣንግድ ተዳልያ ዘላ ብራዚል ብቑዕ ጸረ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት (ኣንቲ ዶፒን) ላቦራቶሪ ከምዘይብላ'ዩ እቲ ማሕበር ዝገልጾ።

ናይቶም ሎሚ ዓመት ኣብ ብራዚል ኣብ ዝተኻየደ ዋንጫ ኮንፈደረሽን ዝተሳተፉ ተጻወትቲ መርመራ ደምን ሽንቲን ኣብ ላቦራቶሪ ስዊዘ ዝተኻየደ ኾይኑ፡ ብቕዓቱ ዘተኣማምን ከምዝነበረ ተገሊጹ።

ዓለማዊ ጸረ-ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት፡ ኣብ ሪዮ ዲ ጀኔሮ ዝርከብ ላቦራቶሪ ኣብ መጀመርታ 2013 ብቑዕ ኣይኮነን ብምባል ከምዝሰረዞ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ በዚ ምኽንያት፡ ተጻወትቲ ዋንጫ ዓለም ካብ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ናጻ ምዃኖም ንምርግጋጽ ናይቶም ተጻወትቲ ቅምሶ ደምን ሽንቲን ናብ ከተማ ላውሰን (ስዊዘ) ክጓዓዝ ምዃኑ ዋዳ ሓቢሩ።

"ፊፋን ዋዳን ኣብ ብራዚል ዝርከብ ላቦራቶሪ መመርመሪ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒ ብቕዓቱ ስለዘይኣመኑሉ፡ ኣብ ስዊዘ ብቑዕን ምዕቡልን መመርመሪ ደምን ሽንቲን ላብ ተዳልዩ ኣሎ። እዚ ኸኣ ኣንጻር ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ኣብ ምቅላስ ዘርኣና ሓደሽ ስትራተጂ'ዩ" ይብል ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓለም - ፊፋ። በዚ መሰረት እቲ ማሕበር ንመመርመሪ ዘድሊ ሎጂስቲክስን ካልእን ናብ ስዊዘ ኣብ ምስዳድ ከምዝርከብ ሓቢሩ።

ኣብ ኦሎምፒክ ብዙሓት ተጻወትቲ ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት እናተጠቐሙ ብልጫታት ክዕትሩን ድሒሩ ብዝኾነ ጽዑቕ መርመራ ግን፡ ብልጫኦምን ዝናኦምን ክምንጠሉን ምርኣይ ንቡር'ዩ።

## ግጥም ፕለይ ኦፍ . . .

ሃገራውያን ጋንታታት ኤውሮጳ ዓርቢ ምሸት ግጥም ቀዳማይ እግሪ ፕለይ ኦፍ ንዋንጫ ዓለም 2014 ከምዝተዳየዳ ይፍለጥ። ኣብቲ ዕለት ፈረንሳ ካብ ትጸቢት ብዙሓት ወጻኢ ብዩክሬን 2ብ0 ተሳዒራ። እዘን ጋንታታት ንዕረፍቲ 0ብ0 ድሕሪ ምወጻኦን ዝተልየ ኣብ መበል 61' ከምኡ'ውን ያርሞለንኮ ኣብ መበል 82 ደቒቕ (ብፍጹም ቅላዕ) ሸቶታት ብምምዝጋቦም ንፈረንሳውያን ተጻወትቲ ኣብ ወጥሪ ኣእትየሞም።

ፈረንሳዊ ተኸላኻላይ ላውረንት ኮሸንሊ ብምብኣሱ፡ ኣሌክሳንደር ካቸር ድማ ከበድ በደል ብምፍጻሚ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ናይቲ ጸወታ ብቐይሕ ካርድ ዝተባረሩ ተጻወትቲ'የም። ዝሓለፈ እዋን ሰለስተ ግዜ ንግጥም ፕለይ ኦፍ ዋንጫ ዓለም ክትሰግር ዘይከኣለት ዩክሬን ነቲ ኣብ ሜዳኣ ዘኣንገደቶ ግጥም ክትዕወተሉ ምኽኣላ ጸባሕ ኣብ ከተማ ፓሪስ ኣብ እተካየዶ ግጥም ካልኣይ እግሪ ልዑል ሞራል ሰኒቓ ንኽትኣቱ ሓጊዝዋ ኣሎ።

ብኣሰልጣኒ ዲዲየር ዲሰቻምፕስ እትእለ ፈረንሳ ኣብ ሜዳኣ ንዩክሬን ክትሰዕሮላ እንተ ዘይክኣሉ ድሕሪ 1994 ንመጀመርታ እዋን ካብቲ ዝዓበየ ውድድር ክትብኩር'ያ። "እታ ቀዳመይቲ ሸቶ ሓይሊ ሂባቶም'ያ። ኣብታ ዝተኣዘዘት ፍጹም ቅላዕ ድማ ጉድለት ፈጺማ ኢና። ሕማቕ ወጽኢት ምዃኑ እኳ ርዱእ'ዩ። ዩክሬን ኣብ ዝበለጸ ኣቃውማ ዝጋለጸ ሮናልዶ ኣብ መበል 82 ደቒቕ ሚጉዌል ቬሎሶ ንዘቐረጸሉ ትኣኣድ ኩዕሶ ብርእሱ ጎጊዩ (ብጋድማዊ ኣቃውማ) ኣብ ስቲዴት ሽወደን ከዕልባ ብምኽኣሉ ንፖርቱጋል ላዕለዋይ ኢድ ኣትሒዝዋ። ኣብ ቀዳሞት 45 ደቒቕ ተጻወትቲ ሽወደን ብሉጽ ዕድላት ክትፈጥር ክኢላ'ኳ እንተነበረት፡ 67% ናይቲ ጸወታ ቀሊስቲ ዝበሩ ግን ፖርቱጋላውያን'የም። ኣብቲ ምሸት ኣጥቃዓይ ፈረንሳዊት ክለብ ፓሪስ ሴንት ጀርማይን ሽወደናዊ ዝላታን ኢብራሂሞቪች



ምህላዋ ኣይዘንጋዕን። እንተኾነ ብሕጂ 90 ደቒቕ ስለዘለና ክንቃለስ ኢና" ይብል ዲሰቻምፕስ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ መንጎ ፖርቱጋልን ሽወደንን ዝተኻየደ ግጥም እቲ ዝለዓለ ግምት ዝተዋህቦ ነይሩ። ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ዝላታን ኢብራሂሞቪችን ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዝርኣይዎ ዘለዉ ድንቂ ብቕዓት ተጻዋዕቲ ናይቲ ግጥም ብምዃን ብዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ስፖርት ፍሉይ ጠመተ እዩ ክወሃቦም ቀንዩ።

ንሽልማት ባሎን ዲ ኦር ክዕወተሉ ብብዙሓት ወገናት ደገፍ ረኺቡ ምህላዉ ብፖርቱጋላውያን ተኸላኸልቲ ፍሉይ ኣተኩሮ ተዋሂብዎ ዘምሰየ ተጻዋታይ'ዩ። ኣሰልጣኒ ሽወደን ኤሪክ ሃምረን ነቲ ጸወታ ኣመልኪቱ፡ "ማዕረ ተፈላሊና እንተንኹብር ዝበለጸ ምኾነ። ብዘይቀልዓለም ጽቡቕ ተጻዊትና ኢና። ናይ ምክልኻል ዓቕምና ዝኣኣደ ነይሩ። እታ ዝተመዝገበትና ሸቶ'ውን ልዑል ግንዘበ ዘይሃበናያ እያ" ክብል ገሊጹ።

ብኻልእ ወገኑ ግሪክ ንሮማንያ ድማ 3ብ1 ክትሰዕራ እንከሎ፡ ኣይስላንድን ክሮኤሽያን ድማ ብዘይ ሸቶ ማዕረ ተፈላልየን።

## ከዲራ ንሽዱሽተ ወርሒ ካብ ጸወታ ክእለ?



ኣኸፋፊሊ ሪያል ማድሪድ ሳሚ ኮዲራ ኣብ ብርኩ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንኣስታት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ክእለ ምዃኑ ተሓቢሩ። ወዲ 26 ዓመት ኮዲራ፡ ብዓርቢ ጀርመን ምስ ኢጣልያ ኣብ ከተማ ሚላን 1ብ1 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ምሕዝነታዊ ግጥም እዩ እቲ ናይ መሰጋገሪ ብርኪ ጸገም ዘጋጠሞ። ንሱ፡ 44 ግዜ ማልያ ሃገራዊት ጋንታኡ ወድዩ ዝተጻወተ ኮይኑ፡ ቅድሚ ሕጂ መጥባሕቲ ገይሩ ኣይፈልጥን። "እዚ እቲ ዝመረረ ዕንቅፋት ሞያ ኮዲራኡ እዩ" ዝበለ ጃኪም ሎው፡ ሮማዳኛ እዩ ኮዲራ ዋንጫ ዓለም ኣብ ዝጅመረሉ እዋን ብቑዕን ድሉውን ኮይኑ ክቐርብ" ኢሉ።

ኮዲራ፡ ናይ ኩዕሶ እግሪ ሞያኡ ምስ ክለብ ስቱትጋርት ዝጀመረ ኮይኑ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2010 ድሕሪ ምስታፉ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ ናይቲ ዓመት ብዘይተረጋገጸ ክፍሊት ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውዕል ናብ'ዛ ሕጂ ዝርከባ ስጳኛዊት ዓርሞሽሽ ጋንታ ሪያል ማድሪድ ምጽንባሩ ይፍለጥ።

ጀርመን ካብ 10 ናይ መጻረዪ ጸወታታት ኣብ 9 ግጥማት ድሕሪ ምዕዋታ፡ ሓንቲ ካብዘን ዝመጸኣ ክረምቲ ብራዚል ኣብ እተኣንግዶ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2014 ምስታፈን ዘረጋገጸ ሃገራት'ያ። ብዮኪም ሎውስ እትስልጦን ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን፡ ጸባሕ ሰሉስ ኣንጻር እንግሊዝ ብእተካየዶ ግጥም ምሕዝነት ናይ ዋንጫ ዓለም ምድላዋታ ተጠናኺሩ።

## ዣቪ፡ "ልዕሊ ባርሴሎና እትስራዕ ጋንታ የላን"

ሓደ ካብ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ ክለብ ባርሴሎና ዝኾነ ዣቪ ሀርናንደዝ፡ ካብ ኣብ ኤውሮጳ ዘለዋ ክለባት ምስ ባርሴሎና ዝመጓረረ ደረጃ ዘለዋ ክሳብ ሎሚ ከምዘየላ ገሊጹ። ብጀራርዶ ማርቲኖ እትእለ ባርሳ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ 13 ጸወታታት 37 ነጥቢ ኣዋህሊላ ንግጥማት ላ'ሊጋ ስጳኛ ትቖልሶ ኣላ። ብዘህንደሰን ውሓለ ኩዕሶ ዝልለ ጾላዊ ተጻዋታይ ዣቪ ድማ ጋንታኡ ዋላ ብሉጻት ሰባት እንተጎደልዋ ኣብ ልዕሊ መቓናቕንታ ክለባት ዘይተናሕሰ ጋንታ ምዃና ኣረዲኡ፡ "ዋላ'ኳ ኣብ ደረጃ ብሉጻት 10 እንተዘይበጻሕና ጻዕርና ንምብጻሑ ግን ዝኣደ ንጥፈታት ኻይድ ኣሎና። ኣብቲ ዝደለ ደረጃ ንምብጻሕ ኣቦርቲዕና ክንሰርሕ'ዩ ዘሎና። ግን ክለዓል ዘለዎ ሓደ ሕቶ'ሎ፣ ኣየነይቲ ጋንታ'ያ ልዕሊ ባርሳ ትጻወት? መልሱ ወሉሓንቲ'ኳ" ክብል ይዛረብ ዣቪ። ንማንዳ ደገፍቲ ዝተባህለት ማዕከን ዜና፡ ስጳኛዊ ዣቪ ኣሰዒቡ፡ "ንስለ ድራማ ዘይክኑ ኣቃውማና ጽቡቕ ምዕባሌታትና ርኢይ



እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ወጽኢት እዚ ኸኣ እታ ጋንታ ብእትጉብሮ ናይ ኢህን ምሂን መስኪዩታት'ዩ" ብምባል ዘረብኡ ይድምድም።

## ኣንቸሎቲ፡ "ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ሽልማት ባሎን ዲኦር እንተዘይተዓዊቱ ናይ ተቓውሞ መድረኽ ክኸፍት'የ"

ኣሰልጣኒ ክለብ ሪያል ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ሽልማት ባሎን ዲኦር እንተዘይተዓዊቱ ናይ ተቓውሞ መድረኽ ክኸፍት'የ ክብል ተዋዚዩ።

እቲ ወዲ 28 ዓመት ፖርቱጋላዊ ኮኾብ ኣብ 2013 ዛጊት 62 ሸቶታት ከመዝገ ከሎ፡ እዚ ዓመት'ዚ እቲ ዝበለጸ ብቕዓት ዘርእየሉ ዘሎ'ዩ። ነቲ ንኣርባዕተ ዓመታት ተሸላሚ ባሎን ዲኦር ዝኾነ ተቐናቓኒኡ ባርሴሎናዊ ልዮኔል መሲ ንምስዓር ኣብ ምጽዓር ኣብ ሓያል ጠመተ ይርከብ።

ኢጣልያዊ ኣንቸሎቲ ግን "እዚ ዓመት'ዚ ሮናልዶ ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣየሉ ዓመት ስለዝኾነ፡ ሕጂ ነቲ ሽልማት ክወስዶ ተራኡ'ዩ" ብምባል፡ ፊፋ ነቲ ሽልማት ንሮናልዶ እንተዘይሂቡዎ ግን ናብ ዓዱ ብምኻድ ናይ ተቓውሞ መድረኽ ከምዝከፍት ኣፍሊጡ።

"ንሮናልዶ እንተዘይሂቦሞ፡ ኣቦታ ዝተወለደትላ ከተማ ረጅዮ ከይደ ናይ ተቓውሞ መድረኽ ክኸይድ'የ። ሕጂ ልዕሊ ሮናልዶ ነቲ ሽልማት ዝበቅዕ ተጻዋታይ የለን። ንሱ ኣብነታዊ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ'ዩ" ክብል ንኢጣልያዊት ፈነወ ሬድዮ 24 ሓቢሩ።

ማድሪድ ኣብ ጸወታ ላ'ሊጋ ዛጊት ብሽዱሽተ ነጥቢ ደድሕሪ ባርሳ ተሰሪዓ ትርከብ። ኣንቸሎቲ ግን እዚ ፍልልይ ኣብ መንጎ'ተን ጋንታታት ብዙሕ ከምዘይከውን'ዩ ዝሕብር። "ናይ ሽዱሽተ ነጥቢ ጋግ ክትጸምጥሎ ከቢድ'ኳ እንተኾነ፡ እንተኾነ ኣብ ሓደ ደረጃ ኣለና ኢልና ኢና ንኣምን" ኢሉ።

## ኦዚል ኣንጻር እንግሊዝ ኣይክሰለፍን'ዩ

ብሉጽ ኣኸፋፋሊ ኣርሰናል ሜሱት ኦዚል ጸባሕ ሰሉስ ሃገራዊት ጋንታኡ ጀርመን ምስ እንግሊዝ ኣብ እተካየዶ ምሕዝነትዊ ጸወታ ከምዘይሰለፍ ተፈሊጡ። ወዲ 25 ዓመት ኦዚል፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ግጥም ኣንጻር ኢጣልያ ኣይተጻወተን። ምስ ደቂ ጋንታኡ ፊሊፕ ላህምን ማኑወል ኑወርን ስዒቡ ካብታ ጋንታ ከዕርፉ ስለዝተወሰኑ'ሞ፡ ንዕኦም ንምትካእ ኣሰልጣኒ'ታ ጋንታ ጃኪም ሎው ኣብቲ ኣብ ሜዳ ወንብለይ ዝጸንዮም ጸወታ ካልኦት ተጻወትቲ ንምስላፍ መደብ ኣውጺኡ'ሎ።

ጃኪም ሎው ኣብ መግለጺኡ፡ "ኣንጻር እንግሊዝ እንካየዶ ግጥም ቅድሚ ናብ ዋንጫ ዓለም ምእታውና፡ እንጥቀመሉ ሜላ ኣጻዋውታ ታክቲክ እንፍትሸሉን እንግምገመሉን እዩ። ላህም፡ ኑወርን ኦዚልን እቶም ሕመረት ተጻወትቲ'ታ ጋንታ እኳ እንተኾኑ፡ ንዕኦም የዕረፈ ንኻልኦት ተጻወትቲ ዕድል ብምሃብ፡ ኣንጻር ከም እንግሊዝ ዝኣመሰለት ዓባይ ጋንታ ብምግጣም ብቕዓቶም ምርግጋጽ ኣገዳሲ'ዩ።"

ኦዚል ኣብ ክረምቲ ናብ ስታድየም ኢመረይትስ ካብ ዝሰጋገር ንደሓር፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ከም ቀንዲ መላግቦ ምውህሃድ ተጻወትቲ ጋንታኡ ብምዃን ንኣርሰናል ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ንኽትበጽሕ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝገበረ ዘሎ ተጻዋታይ እዩ። እንተኾነ ዝሓለፈ ሰሙን ናይ ጥዕና ጸገም ኣጋጢምዎ ምንባሩ ይፍለጥ።

### መደብ ጸወታ ሎሚ ግጥም ምሕዝነት

ሞልዶቫ – ሊቱኣንያ 8:00
ኢጣልያ - ናይጀርያ 10:45 ምሸት

## ተወሳኺ...

ተስፋኣለም የማነ

# ዝተቐብረ ብራዚላዊ ድሕሪ ምምላስ ቀባሮ ካብ ጉድጓድ ይወጽእ




ዙሓለፈ ሰሙን ኣብ ታሪኽ ብራዚል ፈጺሙ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ሓደ ዘደንጹ ዛንታ ተፈጺሙ። ንሱ ድማ ኣብ ከተማ ሳኣፓውሎ ሓደ ስሙ ዘይተጠቕሰ ሰብኣይ "ዓሪፉ" ተባሂሉ ብስድራኡን መቕርቡን ኣብ መካነ-መቓብር ድሕሪ ምቕባሩ ንምሸቱ ካብቲ ዝተቐበረሉ ጉድጓድ ብህይወት ወጺኡ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር፡ እቲ ሰብኣይ ብመረር ብኽያት ስድራ-ቤቱን መቕርቡን ተሰንዩ ኣብ መካነ መቓብር ናይ'ታ ከተማ ድሕሪ ምቕባሩ፡ ንምሸቱ ሓንቲ ሰማ ዘይተገልጸት ሰበይቲ ሕቑፍ ዕንባብ ሒዛ ኣብቲ ከበቢ መቓብር በዓል-ቤታ እናደለየት እንከላ'ያ ብሃንደበት ኣስተብሂላትሉ። እቲ ጸቒጥዎ ዝበረ ሓመድ ሓፉ-ሓፉ እናበለ ከቃንቕ ተዓዚባ፡ ፈለማ ሰንቢዳ ካብቲ ከባቢ ርሒቓ ኔራ። ደሓር ግን ደፍሪት ተሓንጊጣ ተመሊሳቶ። ቀረባ ክትዕዘቦ ብዘፈተነት ድማ ካብ ወሸጢ ጉድጓድ ዘድሂ ትሑት ደምጺ ኣውያት ሰሚዓ። ብድሕሪዚ ቴሌፎን ናብ ኣባላት ስርሒት ህይወት ኣድሕን'ታ ከተማ ካብ ምድዋል ሓሊፋ እንታይ ክምእትገብር ፍጹም ሓርቢታ። ኮይኑ ግን እቶም ኣባላት ህይወት ኣድሕን ብኡ ንብኡ ከተፍ ስለ ዝበሉ ሻቕሎታ ክቕንጠጠላ ጀመረ። ኣደይ ኣደካ ኣሎም ኑቲ ሓመድ ብቡዔላ ኣሊዮም። ኣብ መወዳእታ ድማ ኑቲ ሰብኣይ በእዳዉ ብሓይሊ ሰሒቦም ካብቲ ጉድጓድ ኣውጺኦም።

ብመሰረት ፖሊስ ብራዚል፡ እቲ ሰብኣይ ካብቲ መቓብር ድሕሪ ምውጻኡ ብኣምቡላንስ ተጸይሩ ናብ ሆስፒታል'ዩ ኣምሪሑ። ኩነታት ጥዕንኡ ድማ ኣብዚ እዋን ክመሓየሸ ጀሚሩ ኣሎ።

እቲ ኣቕዲሙ ሰራሕተኛ ምምሕዳር ናይ'ታ ከተማ ከም ዝነበረ ዝንገረሉ ሰብኣይ፡ ድሕሪ ዘጋጠሞ ከበድ ናይ ርእሲ ማህረምቲ'ዩ ሞይቱ ተባሂሉ ተቐቢሩ። ካብቲ መቓብር ተፋሒሩ ክወጽእ እንከሎ ዘርኢ ናይ ቪድዮ ስእሊ ንግልየናት ዜጋታት'ታ ሃገር ኣደንጺዎም ምህላዉ ድማ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

# ካናዳ - ጥይት ዘይበስዖ ባድላ!




ኣብ ስሬት ቅዲ ክዳውንቲ ዝተጦፍ ጋሪን በሰዋኽ ዝተባህለ ካናዳዊ ኩባንያ፡ ብጥይት ኮነ ብኻራ ፈጺሙ ክብሰዕ ዘይክእል ዝበሎ ሓድሽ ዓይነት ባድላ ኩዳሉ ክኢሉ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ዝዘርገሐ ዜና፡ እቲ ኩባንያ ኑቲ ክዳን ብሓገዝ ካርቦን ናኖትዩብ ዝተባህለ ቴክኖሎጂ'ዩ ክሰንዮ ክኢሉ። ኣብ ርእሲ'ቲ ዘለዎ ካብ ጥይትን ካራን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከኣ፡ ብዓይኒ ፋሽን ክርአ እንከሎ'ውን ኣዝዩ ተወዳዳሪ ምዃኑ'የም ሰበስልጣን ናይ'ቲ ኩባንያ ዝሕብሩ።

ኑቲ ባድላ ንምዕዳግ ዛጊት ካብ ብርክት ዝበሉ ወልቀሰባት ጠለብ ቀሪበሎም ከምዝሎ ብምምልካት ከኣ፡ ኣብ ቀጻሊ ካብ መራሕቲ ሃገራት ዓለም ክይተረፈ ጠለብ ክውሕዞም ትጽቢት ከምዝለዎም ወሲኾም የረድኡ። ዋጋ ናይ'ቲ ባድላ ኣሰታት 20 ሽሕ ዶላር ምዃኑ'ውን ጠቒሶም ኣለው።

እንተኾነ እቲ ኩባንያ ኣብዚ እዋን ብወሱን ጠለብ እንተዘይኮይኑ ብብዝሒ ኣፍርዩ ንዕዳጋ ከውርድ እኹል ዓቕሚ የብሉን።

# ነፋሪት ምስቃል ዝተኸልከለ ከራሽ ፈረንሳዊ ብመርከብ እንክጉዓዝ



ኬቨን ቺነደስ ዝተባህለ ልዕሊ ክልተ ኩንታልን ርብዕን ዝምዝን ፈረንሳዊ መንእሰይ፡ ብጉበረት መገዲ ኣየር ብሪጣንያ ዝኾነት ነፋሪት ኣብሉ ካብ ኣመሪካ ናብ ሃገሩ ክምለስ ኣብ ዝፈተነሉ ብሰንኪ ግዝፉ "ኣይትስቀልን ኢኻ" ተባሂሉ።

እቲ 227.5 ኪሎ-ግራም ክብደት ዘለዎ ወዲ 22 ዓመት መንእሰይ፡ ፍሉይ ሕክምናዊ መጥባሕቲ ንምኽያድ ኢሉ'ዩ ቅድሚ 18 ኣዋርሕ ምስ ስድራኡ ናብ ኣመሪካ ኣትዩ። ኣብ ነፋሪት መገዲ ኣየር ብሪጣንያ ተሳፊሩ ድማ'ዩ ናብታ ሃገር ከይዱ። እንተኾነ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ሃገሩ ንኽምለስ ኢሉ ትኬቱ ሓዚ ናብቲ መገዲ-ኣየር ኣብ ዝምርሓሉ፡ "ካብቲ ፈለማ ክንሰቕለካ እንከለና ዝበርካ ክብደት ዝያዳ ወሲኽካ ኣለኻ። ስለዚ ንድሕንትካን ንድሕነት ተሳፈርቲናን ክንበል ኣይክንሰቕለካን ኢና!" ብምባል ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ መገዲ-ኣየር ካብ መጋርፎ-ነፈርቲ ቺካጎ መሊሶሞ።

ብድሕሪዚ እቶም ንሰበስልጣን ናይ'ቲ መገዲ-ኣየር ለሚኖም ፍጹም ዝቐበሎ ስድራኡ፡ ወላዶም ደገም ኣብ ነፈርቲ ክሳፈር ከምዘይክእል ኣሚኖም ብመርከብ ክመልስዎ ወሲኖም። ኮይኑ ድማ ካብ ቺካጎ ኣብ ባቡር ኣሳፊሮም ናብቲ መርከብ ዝሳፈረሉ ኒውዮርክ ወሲዶሞ ኣለው።

ስድራኡ፡ ዝበርም ገንዘብ ካፊሎም ምህላዎም ብምምልካት፡ ክሳብ'ታ ዓባይ መርከብ ጉዕዞ መሊኣ ናብ ፈረንሳ ትኣቱ ኣብ ከቢድ ቁጠባዊ ጸገም ክይወድቁ ፈሪሖም ኣለው።

# "ቅድሚ-ቀትሪ - እቲ ዝበለጸ ናይ ቡን ግዜ" መጽናዕቲ



ብጥዕናዊ መዳይ ክርአ እንከሎ፡ ቡን ካብ ምሸት ኣውራ ንግሆ ክትሰትዮ እንከለኻ ጠቓሚ ምዃኑ ገለ ገለ ክኢላታት ሞያዊ ምኽሮም ክልግሱ ጸኒሖም ኣለው።

እንተኾነ ኣመሪካውያን ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ፡ ቡን ንኽትሰቲ እቲ ዝበለጸ ግዜ ድሕሪ ቁርስን ቅድሚ ምሳሕን ዘሎ እዋን ማለት፡ ካብ 9:30 ቅ.ቀ ክሳብ 11:30 ቅ.ቀ ኣብ ዘሎ እዋን ምዃኑ ብዝቐደሞ መጽናዕቲ ኣረጋጊጾም ኣለው።

እቶም ተመራመርቲ ከም ዝሓበሩዎ፡ ኣብ መንጎዚ ዝተጠቕሰ ሰዓታት መዓልታዊ ሓደ ኩባያ ቡን ምስ እንሰቲ፡ እቲ ኣብኡ ዝርከብ 'ካፈይን' ዝተባህለ ባእታ ኑቲ ኣብ ኣካላትና ዝርከብ ኣገልግሎታቱ ዘርዘርካ ዘይውዳእ 'ኮርቲሶል' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣገዳሲ ሆርሞን ኣነቓቒሒሑ ብዝበለ ከምዝዕዕዝ ይገብር። ምኽንያቱ ንግሆ ካብ ድቃስና ድሕሪ ምብርባርና ክሳብ ረፋድ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ መጠን ናይ'ቲ ነዚ ኣብቲ ዝለዓለ ጥርዙ'ዩ ዝድይብ። ብፍላይ ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ክሳብ 9:00 ቅ.ቀ ኣብ ዘሎ እዋን። ኣብዚ እዋን'ዚ ቡን ምስታይ ፈጺሙ ኣየድልየናን። ምኽንያቱ ጥቕሚ ስለ ዘይብሉ። እንተሰቲና ድማ ፍጹም ጠላሕ ኣይብለናን። ወላ'ውን ደጋጊምና እንተሰቲና። ልክዕ ከምቲ ኣብ ዘይግዜኡ መድሃኒት ዝወሰድ ሰብ ምስ ግዜ ተጻዋርነት ናይ'ቲ መድሃኒት ዝምዕብል ማለት'ዩ። ብድሕሪዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ግን፡ እቲ መጠን ናይ'ቲ ነዚ እናዀደ ስለ ዝኸይድ፡ ኑቲ ነዚ ዳግማይ ዘቃቕሓልና ቡን ግድን ንደሊ። ኣብዚ ሰዓት'ዚ ክንሰትዮ እንከለና ድማ ዝያዳ ባህታ ይፈጥረልና - ብመሰረት'ቶም ተመራመርቲ።

ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝተኻየዱ ካልኦት ምጽናዕቲታት ከምዝሕብርዎ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲታት ተዋፊሮም ዝሰርሑ ሊቃውንቲ እቶም ቡን ብብዝሒ ዘህልኹ ተባሂሎም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዖም ዘለዉ'የም። ነጋዶ ድማ ኣሰርም ተኸቲሎም ይስዕብዎም። ብዘይካ'ዚ፡ መምሃራንን ካልኦት ኣብ ጽላት ትምህርቲ ዝሰርሑ ሰራሕተኛታትን ሳልሳይ ደረጃ ክሕዙ እንከለው፡ ኤዲተራትን ጸሓፍቲን ራብዓይ ደረጃ፡ ሓካይም ድማ ሓሙሻይ ደረጃ ሒዞም ይርከቡ።

# ኣብ ኣኼባ ው.ሕ.ሃ ነዊሕ መደረ 'ክኹለፍ ኣለዎ' ትብል ዘላ ብሪጣንያ

ሓንቲ ካብቶን ኣብ ባይቶ ጸጥታ ናይ ቀዋሚ ስልጣን ዘለወን ሓያላን ሃገራት ዝኾነት ብሪጣንያ፡ ዓመታዊ ኣብ ዝቃንዕ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብወከልቲ ሃገራት ዝቐርቡ መደረታት ይነውሑ ስለ ዘለዉ ገደብ ግዜ ተገይሩሎም ኣብ መንጎ ክኹለፉ ኣለዎም ክትብል ገሊጻ።

ኣምባሳደር ብሪጣንያ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንጦኪ ሙን ኣብ ዘቕረበትሉ ሓሳብ፡ ኣብ ኣኼባታት ሕብረት ኣፍሪቃ ዝኾነ መራሒ ክምድር እንከሎ ካብቲ ዝተወሰኑ ግዜ ሓንቲ ካልኢት'ውን እንተደንጎዩ ማይክሮፎኑ ከም ዝዕጾ ጠቒሱ፡ እዚ ኣሰራርሓ'ዚ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ግድን ክተኣታቶ ኣለዎ ኢሉ።

ኣብ ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝቐርቡ መደረታት ምሕር ክነውሑ እንከለዉ ሓደ ሓደ ግዜ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ባይቶ ብምልክት ክኸልኖም'ኳ ዝፍትን እንተኾነ ብዙሕ ኣድማዕነት ከምዘይብሉ ግን ይንገረሉ። ኣብ ኣኼባ ናይ'ቲ ውድብ ብዮዜ ዝነውሐ መደረ ከሰምዕ ዝኸኣለ በዓል-ስልጣን - መራሒ ኩባ ዝነበረ ፊደል ካስትሮ ኮይኑ፡ ኣብ 1960 ኣብ ኣሽርሓታት ሃጼይኑ ኣመሪካ ንምቕላዕ ብዘይ ምቁራጽ ንኣስታት ኣርባዕተ ሰዓታት መዲሩ። ብዘይካ'ዚ ናይ ቅድም መራሒ ሊብያ ዝነበረ ኮሎኔል መዓመር ቀዛፊ'ውን ኣብ 2009 ኣብ ዝዩፍትሓዊ ኣካዩዳ ዓለም ኣመልኪቱ ንሓደ ሰዓትን 35 ደቓይቕን መደረ ከሰምዕ ክኢሉ።

ባይቶ ጸጥታ፡ መራሕቲ ኣባል ሃገራት ኣብ እዋን ኣኼባ ካብ ሓሙሽተ ደቓይቕ ኣብ ዘይሓልፍ ግዜ ርእይቶኦም ከሰምዑ ከምዝለዎም'ኳ ዘተሓሳሰበ እንተኾነ፡ እዚ ግን ብዙሓቱ መራሕቲ ኣይትግበርን።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቀንዲ መጋበርያ ናይ'ቲ ኣመራርሓ እትመርሖ ምዕራባዊ ዓለም ይኹን ከምዝሎ ዝወቕሱ ሓያለ ወገናት ዓለምና፡ ቅርጹን ኣሰራርሓኡን ክልወጥ እንተዘይክኢሉ ጸጥታን ምርግጋእን ዓለምና ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ምዃኑ ብተደጋጋሚ የጠንቅቑ ምህላዎም ይገልጹ።

